ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ. 215 | ሓሙስ 9 ግንቦት 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ- 3
ኣርቲፊሻላዊ ብልሒ . . .

ገጽ- 4
ሕጉሽ ዋሎ

ገጽ- 5
እንቋዕ ' ኻ. . .

ገጽ- 7
ባህሊ ካርኒቫል

ገጽ- 9
ድሕሪ ' ተኣምራታዊት ' . . .



ኣብ ን/ዞ/ከርከበት፣ ሞያዊ ስልጠናታት ይወሃብ ኣሎ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፣ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣታይን ኣዋማይትን - ንኣስ ዞባ ከርከበት፣ ናይ ኣካዳሚን ሞያን መባእታዊ ስልጠናታት ይህብ ኣሎ።

ንስልጠንቲ ወርሓዊ 600 ናቕፋ እናተዋህበ፣ ኣብ ፈለማ ናይ'ዚ ዓመት ኣብ ዝጀመረ መባእታዊ ሞያዊ ስልጠና፣ ዛጊት 110 ደቂ-ኣንስትዮ ብኢደ-ስርሓት - ውጽኢት ላኻን ፀንቀን ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ትምህርትን ከም ዝዘዘማ ተሓቢሩ።

ደቂ-ተባዕትዮ እውን ብሕርሻን ህንጻን ናይ ሽድሽተ ኣዋርሕ ስልጠና ይካታተሉ ከምዝለዉ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ኣባል ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ፣ ኢንጂነር ካሕሳይ ተስፋይ፣ ኣብ'ቲ ብኣወራኡ ኣብ ልምዓት ጀራዲን ዘተኮረ ስልጠና፣ ቁጽሪ ስልጠንቲ ብ50 ጀሚሩ 120 ከም ዝበጽሐን ብተገዳስነትን ይካታተሉዎ ከምዝለዉን ገለጹ።

ናይ ህንጻ ትምህርቲ ዝህብ ዘሎ መምህር ሚካኤል ዙርያስ ብወኑ፣ 61 ደቂ'ቲ ከባቢ ናይ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ትምህርቲ ዝዚሞም - ንመመረቕታ ተቓረቡም ምህላዎም ሓቢሩ።

ስኣቤል በሪሸት

ኣብ ከተማ ኣቕርደት፣ ደረቕን ፈሰስን ርኡሓት ዝወገሑ ፍሉጥ ቦታ ስለዘሎ፣ እታ ከተማ ንርኡሓት ተቓሊዓ ምህላዋ ብምሕብር፣ ዝምልከት ኣካል ቁሊታ ክገብር ዝርቲ ሓቲየምሉ።

ጽሬት ከተማ ኣቕርደት ቈላሕታ ክግበረሉ ነበርቲ ይሕትቱ

ጐሓፍ፣ ህዝቢ ኣብ ዝኩበረሉ ከባቢ፣ ኣብ ከባቢ ምኔጨ ዝኸተ ማይን ንሕርሻዊ መዓላ ኣብ ዝወሰል ከባቢን ይድረስ ብምህላዉ፣ ንጥዕና ህዝቢን ጽባቐ'ታ ከተማን ኣሳኒፈ ኮይኑ ከምዝሎ ሓቢሮም።

ህዝቢ፣ ሰመናዊ መፈሪዊ ጽሬት ከምክይድ - እንተኾነ ጐሓፍ ዘመላልሳ ተኸኪኑ ዘይምህላዉን ህዘባዊ ዓይኒ ምድሪ'ታ ከተማ ካብ ስራሕ ወጺኡ ብምኻኑ፣ መሕረዲ ጥራት እውን ኣብ ወሽጠ ህዝቢ ዝኩበረሉ ቦታ ብምድኻኑ፣ ከሉ ተደምሚሩ ነቲ ጽምት ከምዝብኡሉ እየም ዝርቲ ኣማረሮም።

ማዲካል ዳይሬክተር ሆስፒታል ኣቕርደት፣ ዶክተር ወልዱ የወሃንስ ኣቲ ተርእዮ ሃዊሕ ዝበረ ምኻኑ፣ ምምሕዳር ንኣስ ዞባ ጸጋታት ህዝቢ ኣመሃዲዱ ነቲ ሸዃር መሳርታዊ ፍታሕ ከፍደየሉ - ብተደጋጋሚ ዘቕረብዎ ሕቶ ግብራዊ ምላሽ ከምዘይረኸበ ገለጹ።



መደበር ጥዕና ኢራፋይለ ብነበርቲ ትምጐስ

ኣብ ንኣስ ዞባ ፎሮ - ምምሕዳር ከባቢ ኢራፋይለ እትርከብ መደበር ጥዕና፣ ጥዕናዊ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ምብራኽ ልዑል ኣበርክቶ ትገብር ከምዘላ ተገሊጹ።

ቡቡኣዊ ብዘጋጠመሉም ገጠጣዕነትን ዝወሃቦም ኣስተምህሮታትን፣ ኣፍልጦኦም ኣብ ዘመናዊ ሕክምና እናግብዩ ይመጽእ ከምዘሎ፣ ብኡ መጠን ድማ ተርእዮ ሕሙማት ከምዝዘለዉ፣ ኣሪና ዝተወሃነየም ዝርቲ ገሊጾም።

ኣብ'ታ መደበር ጥዕና፣ ኣገልግሎታት ክንክን ቅድሚን ድሕሪን ሕረሲ፣ ወሉድ ፍወሳ ህጻናት፣ ክታብት ህጻናትን ኣዴታትን ካልእን ከምዝወሃብ ዝሓበረ ሓላፊ'ታ መደበር፣ ዝርስ ማሕሙድ ኢብራሂም፣ መሳርሒታት ላቦራቶሪ - ብሕጽረት ሞያውያን ዛጊት ኣገልግሎት ከምዝይጀመረ ኣብርሀ።

ሰ/ቀ/ባሕሪ - ነበርቲ ሰለስተ ን/ዞባታት ኣብ ልምዓት ዘትዮም

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወከልቲ ህዝቢ ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበት፣ ፎሮን ገልዓሎን ምስ ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ርክባት ብምኸያድ፣ ኣብ ኣተገባብራ መደባት ልምዓት ዘትዮም።

ኣብ በቦታኡ ኣብ ዝተኻየደ ርክባት፣ እቲ መደብ - ኣብዚ ዓመት'ዚ ብስፍሓት ክሰራሓሉ ስለዝኾነ፣ ህዝቢ ውዳበታቱ ኣሐዲሉ ንዝሓሸ ውጽኢት ክሰርሕ መተሓሳሰቢ ቀረቡ።

ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ መሳቡበር ዜጋታት ኣብ ምምሕያሽ እወታዊ ኣበርክቶ ይጉቡሩ ከምዘለዉ፣ ምስ ምጥርናፍ ዓድታትን ምውሳኽ ቅጽሪ ነበርቲ፣ ሕጽረታት ይረአየም ስለዘሎ ግን፣ ቀዳምነት ክወሃቦም ምኑኡ በረሀ።

ተሳተፍቲ፣ ጥጡሕ ጽርግያ ዘይብለን ንኡሳን ዞባታት - ፍታሕ ክናደየሉ፣ ምንጪታት ቀረብ ዝሰተ ማይ ክወሓሉ፣ ጽርግያ ኡምሉ-ፎሮ ክጽገፍ፣ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ባጽዕ - ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ሰሚናር ተዋሂቡ

ሃገራዊ ባህሊ ንምስነኽሰን ናብ ወለዶታት ንምስግጋርን ኣብ ዝቀደድ ጻዕሪ ተሪን ኣበርክቶን መንእሰያት ክፃዘዝ ከምዘኾኑ፣ ኣብ በትጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ ፖሊቲካዊ ጉዳያት ኣቶ ተስፋይ ብርሃ ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣብ ዙዩዶ ሰሚናር ኣቓኒሑ፣ ብ18 ግንቦት ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ትካላት መምህራት ኣብ ዝዘሎ መገዳ፣ ኣቶ ተስፋይ፣ ሃገራውያት ኣብ ኤርትራ ብሓባራዊ ሰራሕን መሳዋእትን ዝተኸፈሉሉን ዝተሃንጸጹ ምስጠር ህላወን ቀጻልነትን ከምዝኾነ ብምጥቃሱ ባህሊ'ውን ብወሳኽ ጣውን ጉጻማውን ረቛሒታት - ደረጃ ብደረጃ እናማዕበለ ስለዝመጸ፣ ተራ ንቛሕ መንእሰይ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ወሳኒ ከምዝኾነ ኣረዳኢ።

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ምስ'ቡር ህላወን ልኡላውነትን ዝተረጋገጸ ሓቂ መኾኑ መንሪስ'ኡ ኣብ ዘመናት ዝተሃንጸ ሓበራዊ ሃገራዊ ክብሪ ምኑኡ፣ ናብ ዝቀጽል ወለዶ ምስግጋጽ ድማ እዋናዊ ተልእኾ ከምዝኾነ ኣጋዚሑ።

ሰ/ቀ/ባሕሪ - ዕዉት መደብ ክታበት ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ መደብ ክታበት ብስፍሓት ማጠኻ ጸበቕ ይኸይድ ከምዘሎ፣ ኣብ ጨጌር ሚስትሪ ጥዕና ሓላፊ መደብ ክታበት መንእሰይ ሕመድ እድረስ ሓቡሩ።

ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ 17 ትካላት ጥዕና ብሰሪዕ ዝወሃብ ኣገልግሎት፣ ናብ ርሑቕ ከበጋትት ብምጽዋዕ እወን ነቲ ሽሪኣ ንምህባይ ከም እተሰርሐ ገሊጹ። በዚ ኣገባብ ኣድማጊ ናይ ፖልዮ፣ ንፍዋ፣ ሩበላን ቴታነስን ክታበት ከምእተዋህበ ኣረዳኢ።

ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት 2019፣ ሽሪኣ ኣገልግሎት ክታበት - ልዕሊ'ቲ ዝተወሰነ ማእት 119 ማኢታዊት ከምዝወረደ ዝገብረ መንእሰይ ሕመድ፣ እዚ ወጻኢ'ትዚ መርኣያ ንቛሕ ተኣኽፎ ህዝቢን ወፋይ ተራ ሞያውያን ጥዕናን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሞያውያን ጥዕና፣ ህዝቢ ናብ ዘሎዎ ከበጋትት እናተጓዕዝኡ ኣብ ዝህቦዎ ኣስተምህሮን ኣገልግሎት ክታበትን ብወገን ህዝቢ ንዝግብረሎም ምትሕብባር ኣመስጊኖምዮ።

ሰ/ቀ/ባሕሪ - ነበርቲ ሰለስተ ን/ዞባታት ኣብ ልምዓት ዘትዮም

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወከልቲ ህዝቢ ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበት፣ ፎሮን ገልዓሎን ምስ ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ርክባት ብምኸያድ፣ ኣብ ኣተገባብራ መደባት ልምዓት ዘትዮም።

ኣብ በቦታኡ ኣብ ዝተኻየደ ርክባት፣ እቲ መደብ - ኣብዚ ዓመት'ዚ ብስፍሓት ክሰራሓሉ ስለዝኾነ፣ ህዝቢ ውዳበታቱ ኣሐዲሉ ንዝሓሸ ውጽኢት ክሰርሕ መተሓሳሰቢ ቀረቡ።

ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ መሳቡበር ዜጋታት ኣብ ምምሕያሽ እወታዊ ኣበርክቶ ይጉቡሩ ከምዘለዉ፣ ምስ ምጥርናፍ ዓድታትን ምውሳኽ ቅጽሪ ነበርቲ፣ ሕጽረታት ይረአየም ስለዘሎ ግን፣ ቀዳምነት ክወሃቦም ምኑኡ በረሀ።

ተሳተፍቲ፣ ጥጡሕ ጽርግያ ዘይብለን ንኡሳን ዞባታት - ፍታሕ ክናደየሉ፣ ምንጪታት ቀረብ ዝሰተ ማይ ክወሓሉ፣ ጽርግያ ኡምሉ-ፎሮ ክጽገፍ፣ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ዲጋ ጋሕቴላይ ብበጻሕቲ ኣድናቓት ረኺቡ

ዲጋ ጋሕቴላይ፣ ንዘሎኦ ማይ ከተማ ባጽዕን ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነብሩሉ ልምዓታዊ መደባትን ከውሕስ ዓቕሚ ከምዝሃቦ ተሓቢሩ።

ነቲ ሰራሕ ዝከታተል ዘሎ ክኢላ ምህንድስና ዳንኤል ተኸስተ፣ ነቲ ዲጋን በጺሑዎ ዘሎ ደረጃን ንምዕዙቡ ካብ ዞባ ማእከል - ንኡሳ ዞባ ዕዲጋ ሓመሳ ዝኸዱ ልዕሊ 100 ዑደተኛታት ኣብ ዝዘሎ መገዳ፣ እዚ ብዘተኣማምን ኣገባብ ዝህጽጽ ዘሎ ዲጋ - ሓደ ካብቶም ንወተሮጣዊ ናይ ምዝገር ዓቕሚ ዘርእዩ ዓበይቲ ስትራተጅያውያን ዲጋታት ምኑኡ ገሊጹ።

እቶም ካብ ከባቢታት እምቢጋልያኖ፣ ሓዙሓዙ ማይ-ኣፍራሰን ሽያጅዳን ዝኸዱ ልዕሊ 100 ዑደተኛታት ኣብ ዝዘሎ መገዳ፣ እዚ ብዘተኣማምን ኣገባብ ዝህጽጽ ዘሎ ዲጋ - ሓደ ካብቶም ንወተሮጣዊ ናይ ምዝገር ዓቕሚ ዘርእዩ ዓበይቲ ስትራተጅያውያን ዲጋታት ምኑኡ ገሊጹ።

ዝተዋጽኡ ወከልቲ ህዝቢ ብወኮኖም፣ ሀገጽት'ቲ ዲጋ መርኣያ ጸገዮትን ባህጊ ልምዓትን ኮይኑ ከምዝርኸቡዎ ብምጥቃሱ ኣብቲ ዕማም ንዝተዋፈሩ ኣባላት ኩጣኒያ ሀገጽትን ልምዓትን ቀይሕ ባሕሪን ካልኦት ኣካላትን ቡቲ ንወለዶታት ውሕስት ዝህብ ሰራሕም ሞጉሰምዎ።

ቅሮራ - ኣብ ምጥርናፍ ዓድታት ዝጸንሐ መረዳእታ በሪኹ

ኣብ ንኡሳ ዞባ ቅሮራ፣ ኣብ ኣጉዳስት ምጥርናፍ ዓድታት ዝጸንሐ ንቕሓት እናበረኸ ምምጽኡ፣ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡሳ ዞባ ሓቢሩ።

"ምጥርናፍ መሰረት ርትእ ህይወትን ምዕባለን'ዩ" ዝበለ ኣቶ ሳልሕ ማሕሙድ፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምሰፋሕ ወጺኡ ዘሎ መደብ ብኢድማዕት ንምትግባር፣ ኣብ ንቕሓት ዝተመርኮሐ ናይ ምጥርናፍ ስራሓት፣ ልዑል ቁልሕታ ከምዝወሃቦ ገሊጹ።

ኣብ ኣገልግሎታት ጥዕና፣ ማይን ትምህርትን ዛጊት ዝተኻየደ ስራሓት፣ ኣብ ምዕባለ'ቲ ከቡጥን መሳቡበር ህዝቢን መሰረታዊ ለወጥ የምጽእ ከምዝዘሎ፣ ተርእዮ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ምዃኑ ድማ ውጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ምውሓስ ጽሬት ከበቢ ዝተሳተፍ ህዝቢ ብመጋለን ንግዲን ዝመርሕ ኣስታት 22 ሽሕ ነበርቲ ኣለወዋ።

ዘ/ዓንሰባ - ኣመሓዳሪ፣ ንጥፈታት ልምዓት ተዓዚቡ

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ፣ ብ5 ግንቦት - ንዝወሰኹ እሮታ፣ ኤራን ኣስኑዳን ዘራኽቡ ኣብ ምስራሑ ዝርከብ 35 ኪሎሜተር ሓድሽ ጽርግያ ተዓዚቡ።

እቲ ስራሕ ብምትሕብባር ህዝቢን ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ይትግበር ከምዝሎ ዛጊት ድማ 15 ኪሎ ሜተር ከምእተጸርጉ ዝተረፈ ግን ሓይልን ጸንሑርን ብምኽኑ ናይ ማሽነሪ ደገፍ ከምዝድልየ ምኑኡ ገሊጹ።

ብኻልኣይ ወገን ኣብ ንኡሳ ዞባ ኣስዎጥ - ምምሕዳራት ከበቢ ኣስኑዳን እሮታ ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይሰላሰል ኣሎ።

ነቲ መደብ ህዝቢ ኣብ ሰመን ሓመሹተ መዓልታት እናወፈረ የጎይዶ ከምዝሎ ወከል ኣሪና ሓቢሩ።

ነበርቲ ምም/ከባቢ ዳምባ ምጭ ዝተበለሸወ ጽርግያ ጸጊናም

ኣብ ንኡሳ ዞባ ዓዲ-ኻሳ ምምሕዳር ከበቢ ዳምባ ምጭ ነበርቲ ዓድታት ዓዲ-ጸጋር፣ ዳምባ-ምጭ፣ ዓዲ-ክንዘሩብን ዓዲ-መርዒትን ብዘሩብ ክራማት ተበሳሹ ንዝኸበርኦ'ቲ ኣሽጋሪ ኮይኑ ዝጀንሐ 6 ኪሎሜተር ዝኸውሓቱ ጽርግያ፣ ብወፈራ ጸገናም።

እቲ ስራሕ ንልክዕን ንዝዘሩን ነበርቲን ኣብ ካልእ ዝሰራሩ ተወለድትን ብምወፃሃድ ይትግበር ከምዝሎ ዝገልጹ - ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከበቢ ዳምባ ምጭ ኣቶ ተስፋይ በርሀ ሻዕመረር ኣብ ዝተገለለ ቦታ ዝሰረ መሳቡር ወሕጅ፣ ብዘሓሸ መንገዲ ተሳሪሑ ከምዝሎ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ፣ ምስ ምጅማር ክራማት እቲ መሳመር መሳሱ ከደብሕኑ ቀጻሊ ወፈራታት ክውደቡሉም ኣዘኻኺሮምዮ። ከጣኒያ ሓሪት እውን ኣብቲ መሳመር ዘሎ ጸገም ኣብ ግምት ብምእታው፣ ኣውቶብስ ከምደበሉም ሓቲቶምዮ።

ሓንቲ ካብ 22 ምምሕዳራት ከበቢ ንኡሳ ዞባ ዓዲ-ኻሳ ዝኾነት ምምሕዳር ከበቢ ዳምባ ምጭ ካብ ከተማ ዓዲ-ኻሳ ኣስታት 6 ኪሎሜተር ዝኸዳ ምብራቕ ርሒቓ ትርከብ።

ሰ/ቀ/ባሕሪ - ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ሰሚናር ተዋሂቡ

ሃገራዊ ባህሊ ንምስነኽሰን ናብ ወለዶታት ንምስግጋርን ኣብ ዝቀደድ ጻዕሪ ተሪን ኣበርክቶን መንእሰያት ክፃዘዝ ከምዝኾኑ፣ ኣብ በትጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ ፖሊቲካዊ ጉዳያት ኣቶ ተስፋይ ብርሃ ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣብ ዙዩዶ ሰሚናር ኣቓኒሑ፣ ብ18 ግንቦት ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ትካላት መምህራት ኣብ ዝዘሎ መገዳ፣ ኣቶ ተስፋይ፣ ሃገራውያት ኣብ ኤርትራ ብሓባራዊ ሰራሕን መሳዋእትን ዝተኸፈሉሉን ዝተሃንጸጹ ምስጠር ህላወን ቀጻልነትን ከምዝኾነ ብምጥቃሱ ባህሊ'ውን ብወሳኽ ጣውን ጉጻማውን ረቛሒታት - ደረጃ ብደረጃ እናማዕበለ ስለዝመጸ፣ ተራ ንቛሕ መንእሰይ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ወሳኒ ከምዝኾነ ኣረዳኢ።

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ምስ'ቡር ህላወን ልኡላውነትን ዝተረጋገጸ ሓቂ መኾኑ መንሪስ'ኡ ኣብ ዘመናት ዝተሃንጸ ሓበራዊ ሃገራዊ ክብሪ ምኑኡ፣ ናብ ዝቀጽል ወለዶ ምስግጋጽ ድማ እዋናዊ ተልእኾ ከምዝኾነ ኣጋዚሑ።

መንጉላ - ጸገም ዝሰተ ማይ ቁላሕታ ክግበረሉ ይሕተት

ነበርቲ ምምሕዳር ከበቢ መንጉላ - ንኡሳ ዞባ ገልጅ፣ ብሰንሒ'ቲ ኣጋጠሙዎም ዘሎ ሕጽረት ዝኸት ማይ፣ ርሑቕ ተጓዒዝም ጽሪቱ ዘይተሓለወ ማይ ክሰትዩ ከምእተገደዱ ብምግላጽ፣ እቲ ጉዳይ ዕቱብ ቁላሕታ ክግበረሉ ሓቲቶም።

እቲ ጸገም - ብፍላይ ንተመሃሮ ካብ ትምህርቶም ኣሰናኺሉ ምህላዉ ዝገለጹ ነበርቲ፣ ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ኣብ ዝወሰድ ተጠዊሉ ካብኡም ዝኸተት ከማልኡ ቅሓት ምህላዎም ሓቢሮም።

ኣኪዩዲ ስራሕ'ቲ ምምሕዳር ከበቢ ኣቶ ሃብተማርያም በርሽትኣቡ ነበርቲ ኣብ ዝሓሸ ቦታ ተጠርኒፎም ተረስኡቲ መሳረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክኸፉ እኳ በቐያም እንተነበሩ፣ ብሰንሒ'ቲ ኣብ መዐደሊ ማይ ዚጋጠመ ብልሽት፣ ቀረብ ማይ ብምቀሪጹ፣ ኣብ ምምሕዳራዊ መዳይ እወን ብኡሉታ ከምዝተለወ ኣጋዚሑ።

ኣስታት 1500 ስድሪቢታት ዝሓቖፈት ምምሕዳር ከበቢ መንጉላ ካብ ገልጅ 40 ኪሎሜተር ሽሽኽ ደቡባዊ ምብራቕ ርሒቓ ትርከብ።

ዕ/ዓ/ባሕሪ - ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከበቢ ዳምባ ምጭ ዝተበለሸወ ጽርግያ ጸጊናም

ኣብ ንኡሳ ዞባ ዓዲ-ኻሳ ምምሕዳር ከበቢ ዳምባ ምጭ ነበርቲ ዓድታት ዓዲ-ጸጋር፣ ዳምባ-ምጭ፣ ዓዲ-ክንዘሩብን ዓዲ-መርዒትን ብዘሩብ ክራማት ተበሳሹ ንዝኸበርኦ'ቲ ኣሽጋሪ ኮይኑ ዝጀንሐ 6 ኪሎሜተር ዝኸውሓቱ ጽርግያ፣ ብወፈራ ጸገናም።

እቲ ስራሕ ንልክዕን ንዝዘሩን ነበርቲን ኣብ ካልእ ዝሰራሩ ተወለድትን ብምወፃሃድ ይትግበር ከምዝሎ ዝገልጹ - ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከበቢ ዳምባ ምጭ ኣቶ ተስፋይ በርሀ ሻዕመረር ኣብ ዝተገለለ ቦታ ዝሰረ መሳቡር ወሕጅ፣ ብዘሓሸ መንገዲ ተሳሪሑ ከምዝሎ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ፣ ምስ ምጅማር ክራማት እቲ መሳመር መሳሱ ከደብሕኑ ቀጻሊ ወፈራታት ክውደቡሉም ኣዘኻኺሮምዮ። ከጣኒያ ሓሪት እውን ኣብቲ መሳመር ዘሎ ጸገም ኣብ ግምት ብምእታው፣ ኣውቶብስ ከምደበሉም ሓቲቶምዮ።

ሓንቲ ካብ 22 ምምሕዳራት ከበቢ ንኡሳ ዞባ ዓዲ-ኻሳ ዝኾነት ምምሕዳር ከበቢ ዳምባ ምጭ ካብ ከተማ ዓዲ-ኻሳ ኣስታት 6 ኪሎሜተር ዝኸዳ ምብራቕ ርሒቓ ትርከብ።

ሰ/ቀ/ባሕሪ - ዕዉት መደብ ክታበት ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ መደብ ክታበት ብስፍሓት ማጠኻ ጸበቕ ይኸይድ ከምዘሎ፣ ኣብ ጨጌር ሚስትሪ ጥዕና ሓላፊ መደብ ክታበት መንእሰይ ሕመድ እድረስ ሓቡሩ።

ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ 17 ትካላት ጥዕና ብሰሪዕ ዝወሃብ ኣገልግሎት፣ ናብ ርሑቕ ከበጋትት ብምጽዋዕ እወን ነቲ ሽሪኣ ንምህባይ ከም እተሰርሐ ገሊጹ። በዚ ኣገባብ ኣድማጊ ናይ ፖልዮ፣ ንፍዋ፣ ሩበላን ቴታነስን ክታበት ከምእተዋህበ ኣረዳኢ።

ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት 2019፣ ሽሪኣ ኣገልግሎት ክታበት - ልዕሊ'ቲ ዝተወሰነ ማእት 119 ማኢታዊት ከምዝወረደ ዝገብረ መንእሰይ ሕመድ፣ እዚ ወጻኢ'ትዚ መርኣያ ንቛሕ ተኣኽፎ ህዝቢን ወፋይ ተራ ሞያውያን ጥዕናን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሞያውያን ጥዕና፣ ህዝቢ ናብ ዘሎዎ ከበጋትት እናተጓዕዝኡ ኣብ ዝህቦዎ ኣስተምህሮን ኣገልግሎት ክታበትን ብወገን ህዝቢ ንዝግብረሎም ምትሕብባር ኣመስጊኖምዮ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ፡ 127749 - ቁ.ሳ.ጽ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቁ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ

ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳጽ. 1284

ለይ-ኣውት

ኤድን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤቴሌሄም ታደሰ
ለድያ ስልጣን

ሰሙ ኣብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
12:00	ደኩመንታሪ
12:30	ዜና ትግርኛ
12:50	ፍሉይ መደብ
13:30	ዜና ዓረብ
13:45	ዘተ ስፖርት
14:30	ዶኩመንታሪ
15:30	ልዝብ መንእሰያት
16:45	ናትራን
18:45	ሳይዳ
19:20	ፊደሪና
20:00	ዜና ትግረ
20:10	ፍሉይ መደብ
21:00	ዜና ትግርኛ
21:25	ጉዳይ ኣብ ዘተ /ምኽሪ ሞያውያን
22:00	ዜና ዓረብ
22:10	ሙ/ድራማ
22:30	ዜና እንግሊዝ

ብካልኣይ መሳመር ቴሌቭዥን ኤርትራ ዝፍናዎ ጸወታ፡ ሰዓት 10:00 ምሸት ሻለንኣያ ምስ ኣርሰናል ።

ሳይንስን ቴክኖሎጂን

ሃይለ ዳኒኤል

ጉግል - ሓዳስ ሞባይል ክዝርግሕ እዩ

ከብኒያ ጉግል ኣዝዩ ሕሱር ዋጋ ዘለዋ ሞባይል ናብ ዕዳጋታት ክዘርግሕ ምኳኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ከብኒያ ዝ. መገለጺ. ዘውጽእ ዘሎ ኣታ ኣብ ዙሓለፈ. ዝዘርግሓ ሞባይሉ ዋጋ ብዮምዋይ ተቖባልነት ብዘይምርኻብ እዩ። እተን 'ፒክሰል 3a' ከምኡ'ውን 'ፒክሰል 3a XL' ብምባል ዝሰመየን ሞባይላቱ ናይ 399 ከምኡ ድማ 469 ፓውንድ ዋጋ ዘለወን እየን። በዚ ከኣ ካብተን ቅድሚኣን ዝወጽኣ 'ፒክሰል 3' ብኣሰታት ፍርቂ ዋጋ ዝሓሰራ ኮይነን ኣለዋ።

እዘን ሓደስቲ ሞባይላት ኣብተን ቅድሚኣን ዝወጽራ ክቡራት ሞባይላት ዘሎ ዝተራቕቐ ቴክኖሎጂ ዝዓጠቓኻ እንተኾኑ፣ ብዘለውንናኣ ዝወሓደ ፕሮሰሰ ናይ ምግባር ሓይሊን ፕላስቲክዊ መሸፈኒኑን ግን ኣብ ዓይኒ ተጠቀምቲ ክኣትዋ እየን ዝብል ግምት ከም ዘሎ እየም ብዙሓት ተንተንቲ ዝገልጹ።

ምንጪ፦ bbcnews.com/technology

ሓጸርቲ ዜናታት ሳይ-ቴክ . . .

ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዝብዝሖም ዓሌታት ምድረ-ማያውያን ኣብ ሓደጋ ምጽናት ከም ዝርከቡ ኣብ 'ካረንት ባዮሎጂ' ዝተባህለት መጽሔት ዝወጸ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣጠንቂቑ።

ኣብ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዓሌት እንስሳታት ኣንጸላልዩ ዘሎ ናይ ምጽናት ሓደጋ ጠንቂ ደቂ-ሰብ ምኳኖም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ ወቒሱ።

ኩባንያ ማይክሮሶፍት፣ ኤክስ ቦክስ ናይ ዝተባህለት ናይ ገይም መጠዋወቒት፣ 'ብረይል' (መንበቢ ዓይነ ስዉራን) ብምግባር ልቕንሳ ከም ዘውጽኣላ ተሓቢሩ ኣሎ።

ኣርቲፌሻላዊ ብልሒ (AI) ንምልላይ ናይ ርእየት ኒውሮን ይሕግዝ

ስለምንታይ ኣዲኦስና ብናይ ገለ ሃገራት ቅርጺ፣ ሕብሪን ዝፈጥሩዎ ጽላሎትን ነፃ ዝኩላ ሓሳብናሉ ንፈልጥዶ?

ንልዕሊ. ፍርቂ ዘመን ተመራመርቲ ኣብ ስርዓተ ርእየት ዝርከቡ ኒውሮናት ንዝተፈላለዩ ምስሊታት ሃንደይ ዓይነት ግብረመልሲ. ከም ዝህቡ ክፈጽሑዎ ክኢሎም እየን። እዚ. ባህሪ ኣብ ምልላይን ምርዳእን ሃገራት ከምኡ'ውን ኣብ ነብስና ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕብሪታት ንምፍጣሪ. ዘኽእሎ ብዕሚኣ ብምኳኖም ኣብ ቅድሚት ደሰርያ ኣሎ። ንኡብት፣ ኣብ 'ኢንፈሪዮር ቴምፖራል ኮርቴክስ (inferior temporal cortex)' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክፋል ናይ ሓንጉልና ዝርከቡ ኒውሮናት ከም ዝለዋዕሉ ይዝከሮም። እዚ. ኣብ ሰባትን ምዕቡሓት መዋእለ-ህፃ ጥራይ ከም ዝርኢይ እዩ ድማ ዝግለጽ። እቲ ምኽንያት ድማ እዚም እንስሳታት ዝማዕበለ ናይ ምርኢይ ዓቕሚ ስለ ዘለዎም እዩ፣ እንተኾነ ደቂ-ሰባት ቦታታት፣ ሃገራት፣ ጽሑፍ ወይ ገጾት ክንርእይ እንክሎና እየም ኣብ ሓንጉልና ዝርከቡ ኒውሮናት እንታይ ዓይነት ግብረመልሲ. ይህቡ ዘይተጋህደ ምስጠር እዩ ኮይኑ ጸኒሑ።

ኣብ ሂርቫርድ መዲካል ስኩል እትጥርፍ ብሳቕነኳ ኢንስቲትዩት እትርከብ ጉጅለ ተመራመርቲ፣ ብኦርቲፌሻላዊ ብልሒ. እናተሓዝሙ ኣብ ሓንጉልና ዝርከቡ ኒውሮናት እንታይ ክርእዩ ከም ዝደልዩ ዝሕብር መረጃታታት ክረኽቡ ክኢሎም ኣለው። እቲ ኣብ መጽሔት 'ሰል' ዝወጸ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ከም ዘጠርሮ፣ ኣቕዲሞም ነቲዩዱ ዝጽንሑ መጽናዕቲታት ሓቀኛ ስእሊታት ብምርኢይ ንምርጫታት ናይዞም ንጹሮናት ኣብ ምዕቃን ዘተኮረ ኮይኑ ምጽንሑ እዩ። እዚ. ከኣ ነቲ ምርምራት ወኸኒዊን ዘይምስእን ክኸውን ገይሩዎ ይብሉ እየም ተመራመርቲ፣ ኣብ ከብኒና ዝርከቡ ሃገራት ነቲ መጽናዕቲ ንምክያድ እኹሉት ከም ዘዩ ኮይኑ ተመራመርቲ ብኦርቲፌሻላዊ ብልሒ. እትሰርሕ ናይ ቅድሚ ሕጂ ብዘዕባ ኒውሮናት ዝተኣከበ ዳታ ወይ ሓበሬታ ብምምጋብ ብዘሰርሕዎ ሶፍትዌር ኣብሉም ሓደስቲ ነፃም ኒውሮናት ከቃቕሕ ዝኽእል ኣርቲፌሻላዊ ስእሊታት ብምጥቃም እየም ምርምራቶም ኣቕዲዶሞ።

ነታ ነምፕዩተር ፕሮግራም ወይ ሶፍትዌር ዘምዕበለ ኣብ ሂርቫርድ መዲካል ስኩል ኣብ ክፍሊ. ኒውሮባዮሎጂ ዝሰርሕ ዋል ዣኦ ከም ዝገልጹ እታ ዘምዕበለ ኣብ ሂርቫርድ መዲካል ስኩል ኣብ ክፍሊ. ኒውሮባዮሎጂ ዝሰርሕ ዋል ዣኦ ከም ዝገልጹ እታ ቀልጠፋ ምሳሽ ዘርኢ. ኣርቲፌሻላዊ ብልሒ. ዘለዋ ሶፍትዌር ቡየም ኒውሮናት ዝህብዋ ግብረመልሲ. ተደጋጋ ነቲ ስእሊታት ምቅይያራት ከም እትገብረሉ እዩ። እዚ. ዝያዳ ብጽጹይ ከም መርትዖ ንምሓዝ ድማ ኣብ ልዕሊ. ሽድሽት 'ማኽሉ' ዝዓይነትን ኣህባይ ናይ ዝተሻየደ መጽናዕቲ ዳታ ብምወሳድ ብመንገዲ እታ ሶፍትዌር ኣብሉም ከም ብሓደሽ ነቲ ምርምር ኣቑዲዶሞ።

እየም ተመራመርቲ ነተን ኣህባይ መጀመርያ ጸዕዳን ጸለምን ጥራይ ሕብሪ ዘለዎ ስእሊታት ከርእዩወን ድሕሪ ምጅማምሮም፣ ብድሕሪኡ ነየም ካልኦት ሕብሪታት ቡቡሓደ ከእትወውዎምን ኣብ ሓንጉለን ዝሰረ ኒውሮኣዊ ምዕባሊታት ድማ ብደቂቕ ክከታተሉ ክኢሎም። በዚ ከኣ ኣቕዲሞም ብከኸት ይኸእሉ እየም ተዛሊሎም ዝጽንሑ ክፋላት ናይየም ኒውሮናት ስርሖም ብልክዕ እንታይ ምኳኑ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ንኡብት እየም ተመራመርቲ ኣቕዲሙ ናይ ሰብ ምስሊ. ጭ ክርኢ. እንክሎ ጥራይ እዩ ምልክት ዝህብ ተዛሊሉ ዝጽንሑ ክፋል ናይየም ኒውሮናት - ከቢብ ናብ ሓወሲ. ርዝ ዝኸደ ክልተ ከብቢ ንጣብ ኣብ ማእከሉ ዘለዎ ስእሊ. ነተን ኣህባይ ከም ዝርኢያ ምስ ተገብረ እቲ ክፋል ናይ ምብርባር ምልክታት ኣርእዩ።

ብዘይካ'ዚ፣ እተን ኣህባይ ድሕሪ ናይ ብዙሕ ሰዓታት ፈተና ብሓንጉለን ንዝቕረጽኦ ስእሊ. ኣቡቲ ስእሊ. ከም ዝመጽእ ክብሩን እንታይነት ናይቲ ስእሊታት ከፈንዉን ከም ዝኸኣሉ እወን እየም ተመራመርቲ ሓብሪም ኣለው። በዚ ከኣ እተን ኣህባይ ነቲ ስእሊታት ሸው ኣብ ሓንጉለን ዘይከፍ ፈጠረንኡ ቅድሚ ሕጂ ብተደጋጋሚ ካብ ዝረኣዩኦ ነገራት ተገቢእን ንዕኡ ዝመሰል ምስሊታት ኣብ ስእሊ ኣእምሮአን ከቕምጣ ክኢለን፣ እዚ. ማለት ድማ ሓደ እንስሳ ኒውሮናት ሓንጉሉ ከም ዘለወዎ ዝፍጠሩ ዘዳኑት ምስ ግዜን ልምዲን ከብቢን እናተበራረዩ ዝመጽኡ ምኳናም ይጠቕሱ።

እየም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ፣ እዚ. መጽናዕቲታት ገና ይብበስ ምህላዉ - ንምርምራቶም ዝያዳ ብምስፋሕ ኣብ መጻኢ. እተን ኣህባይ ስእሊ ንምፅባሕ ኣብ ሓንጉለን ቅድሚ ሕጂ ርእየንኡ ዝፈልጣ ብተደጋጋሚ ኣብ ኒውሮናተን ክቕርጻ ክኢለን ዝብል ግድል ዝያዳ መጽናዕቲታት ብምክያድ ሓይሊቲ ኣብ ሰፍፍልጠት ዝተመርኮሱ ክልሉሓሳባት ንምምዕባል እዩ።

ምንጪ፦ scitechdaily.com

ማይክሮሶፍት ዎርድ ኣርቲፌሻላዊ ብልሒ ክውሰኽሉ እዩ?



ማይክሮሶፍት ዎርድ ዝተባህለ ሓደ ንምጽሓፍ ዝሕግዝ ሓደ ካብ ኩባንያ ማይክሮሶፍት ዘምዕበለም ሶፍትዌራት፣ ብዘይ'ቲ ዓጠቓዎ ዝጽንሑ ናይ ቃላትን ሰዋስውን ምዕራይ ክእለት - ሕጂ ድማ ብኦርቲፌሻላዊ ብልሒ. እናተደገፈ እቲ ሶፍትዌር ንኹሉ ኣሎ ዝበሃል ለወጠታት ኣብ ጽሑፍ ክዝርር ዝኽእል ኮይኑ ክዘርጋሕ ምኳኑ ተሓቢሩ።

እቲ ቡቲ ዘፍረዮ ኩባንያ ዝወጸ መግለጺ፣ ማይክሮሶፍት ዎርድ ብኦርቲፌሻላዊ ብልሒ. እናተሓዝ ነየም ምስእ ሓሳባት ብልክዕ ክጽሕፉ ዘይክእሉ ብኸመይ ከዐርዩዎ ከም ዝኽእሉ ሓቢሩታ እናሃበን እናኣዐደገን ከምኡ'ውን ንጹታዊ ኣድልዎ ዘተባብው ቃላት ንኸይጥቀመን ዝሰኸመ እዩ። በዚ ከኣ ተጠቀምቲ ሰውዳየምን ካልእ ብምሉኡ ኣብቲ ሶፍትዌር ዝሰርሕዎ ዘለን ከሉ ብየብእን ብጽፃፍን ዝተታሕዘ ይኸውን ማለት እዩ።

እንተኾነ እቲ ሶፍትዌር ኣብ 'ክላውድ' መሳሪት ዝዘበረ ኣሰራርሓ ዝኽተል ብምኳኑ፣ ኣገልግሎት ኢንተርኔት ዘይብሉም ዓማዊሉ ክጥቀመሉ ዘኽእል ኣይኮነን እዩ።

እዚ. ሓድሽ ማይክሮሶፍት ዎርድ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ. ሰኔ ንፈተነ ክዘርጋሕ ምኳኑ፣ ምስእ ብምሉእ ተጻሪፉ ድማ ኣብ ቀወዲ ናይዛ ሒዝናያ ዘሎና ዓመት ኣብ መዓላ ተጠቀምቲ ክወፅል እዩ ዘሎ እቲ መደብ።

ብዙሓት ምስ ኩባንያ ማይክሮሶፍት ቅርበት ዘለዎም ተንተንቲ ከም ዝሕቡሩዎ፣ እቲ ትካል ምስ ከም ቦል ጉግል ዝኣመሳሰለ ኩባንያታት ኣብ ምምዕባል ኣርቲፌሻላዊ ብልሒ. ብዝኣዖኦ ዘሎዋ ዕብዮት ንኸይተርፍ ዘርኢዮ ዘሎ ቅልስ ምኳኑ እዩ።

ምንጪ፦ bbcnews.com/technology

ጴጥሮስ ተፈሪ

ሕጉሽ ዋሎ

ኑቲ መልእኽቲ ንፋስ እዩ ሐዚሉለይ መጺኡ። ብቐጥታ ካብ ኢድ ልኣኽኡ ከምዝተቐበሎ እውን ሕሹኽ ኢሉኒ እዩ። ኣነ እውን ክድግን ከምዝይብለይ ዝሕብር መልእኽቲ ሐዙ እዩ ከይደንገየ በጺሐኒ። ኣረክብ ኣቢሉኒ ብርኩ ከይሰበረ ብቁጽ ኩብል እንክሎ፡ እግሪ እግሩ ክኸቅል ስለዝበረኒ ነቐልኩ።

ኑቲ ብኻልእ ሸነኽ ናይ'ቲ ዝኸዶ ቦታ ዝመጽእ መወዳድርተይን መተሓላኽተይን እውን፡ መልእኽቲ ብምዕባል ባሕሪ ከምዝተላእከሉ ፈሊጠ ኣለኹ። ስለ'ዚ ክቕድመኒ የብሉን። እቲ ዝበጽሓኒ ደብዳበ ካብ ዘይትን ንብዑትን ዓሳ ብዝተቓመመ፡ ብማይ ባሕሪ ዝተቓጠነ ሰማያዊ ቀለም፡ ካብ ድርዲ ጉብየ ተላሒጹ ኣብ ዝተሰርሐ ወረቐት ዝተጻሕፈ ክቡር ደብዳበ እዩ። እዛ መዓልቲ እዚኣ ንሓያሎ መዓልትታት ዝጸበየ ዝነበርኩ እያ። ኣብ ህይወተይ ምሉእ ክዕወተላ ሃረር ዝበላ ውድድር እንተደኣ ተዓዊተላ፡ ምሉእ ዕምረይ ዝኮድሶኒ ኣይክሀሉን እዩ። እቲ ሕጂ ጉዳሉኒ ዘሎ ከኣ ንሱ ጥራይ እዩ።

ስማ ምስ ፈለጥኩ ገሪመኒ እዩ። 'ማሕፉዛ' - ንሳን ዘለዋ ትሕዝቶን ንዓይ ተባዚላ ተቐሚጣ ዝጸንሐት ክትከውን ኣለዋ። ኩለንትናኣ ከምቲ ኣነ ዝሓልሞ ኩይና እያ ጸኒሓትኒ። ኩሉ-ምላ ሉል እያ። ልክዕ ከምቲ ንሳ ኣብ እትሕንበሰሉን ትናፈሰሉን ብጉደናታት ዝተመሳቐለ ባሕሪ ዝርከብ ሉል። መልክዕ ጥራይ ግና ኣይኮነን ዘለዋ፣ ጺጋ እውን ተዓዲላ እያ። ቀዳሕካን ሓፊስካን ዘይውዳእ ቅሙጥ ሸሻይ። ንሳ ዘይትውንኖ ንብረት የለን። ኣብ ገምገም ባሕሪ እትነብር፣ ሃብታም ብባሕርን ብምድርን፣ ጥሪት ኩነ ወርቂ በሸበሸ ኢሉ ገዚኣ ዝፈሰሰ፡ ብልቦና ኩነ ብትሕትናሲ ትውዳደራ ኣብይ ከይትርከብ፤ ውሕልኑት እውን ዝኮድላ የብላን እብል። ምኽንያቱ በሰሮ ሃብታምዶ ኣላ እያ። ካልእ እንተተረፈስ ብገዝዑብ ልቢ ለጥማት ትዕድግ።

ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ'ቲ ኣነ ዝነበርኩዎ ቦታ መሬት ተንኪፉ ክሱብ'ቲ ንሳ ዝነበረቶ ገምገም ባሕሪ ኣንጠጥዩ ዝነበረ ጽዑቕ ደመና ኣቢለ - ብእግረይ ላዕሊ ላዕሊ ሸነን እናበልኩ ነዊሕ ድሕሪ ምጉዓዝ፡ ኣብቲ ንሳ ዝነበረቶ በጺሕኩ። ኣብ'ቲ ባሕሪ ንብይና እናሓንበሰት - ኣብ ሓደ ደረጃ ናብ በረድ ተቐዪሩ ዝነበረ ደመና ኮፍ ኢለ፡ ቁልቁል ኣማዕደየ ርኣኹዋ። ዳርጋ ኣነ እውን ናብ በረድ ተቐይረ፡ ሓውሲ ደንዚዘ ደመይ ጠጠው ኣብ ምባሉ እየ ዝነበርኩ። ብኣግርሞት ዝኣክል መለሱ ደመይ ደው በለ። እቲ ደመና ቁሩብ ንሓደ ሽሕ ሜትሮ ዝኸውን ትሕቲ ኢሉ ስለዝነበረ፣ ጥር ኢለ ናብ'ቲ ዝነበረቶ ባሕሪ ወረድኩ። ግና ኣብቲ ባሕሪ ከይዓለብኩ እንክለኹ ግን እቲ ሓውሲ ረጊኡ ዝነበረ ደመይ ቀልጢፉ ስርሑ ጀሚሩ ፈሊሑ ሞቒኒ። ብሓቂ ደምካ ተምውቕ ኅርዞ እያ። ሓቂ ይሓይሽ፡ ፈለማ ምስ ርኣኹዋ ፍጥርቲ ኻል ሄዋን ኣይመሰለትንን። ደሓር ኣብ'ቲ ባሕሪ ጦማባላሕ ኢለ ምስ ዓለብኩ ግዱ ኣዐርየ ኣቕሉብኩላ'ሞ ልክዕ ከማይ ሰብ ፍጥርቲ፤ ኑበሰይ መለሱ ፋሕፋሕ በለ።

ይትረፍ ወዲ-ተባዕታይ፡ ጓል-ኣንስተይቲ እውን ኣብ ጥቓኣ ስለዘይነበረት፡ ተዛንያ ኢያ ትሕምብስ ነይራ። ብዘይ-ሓሰቡቶን ዘይገመቱቶን ምስ መጻእኩዋ፡ ሰንቢዳ ንምሉእ ሰውነታ በቲ ኸኹሉ ኣካላ ዝሸፍን ጸጉራ ገይራ ከደነቶ። ዓይነይ ድማ፡ ኑቲ ኣፍጢጡ ክዕዘቦ ዝጸንሐ ሰራሒ ኣካላታ ሰኣና። ካብ'ቲ ባሕሪ እውን ኣብ ኢጋ ምውጻእ ኢያ ዝነበረት።

ፈለማ፡ ነታ ዛንታኣ ኣብ ጽውጽዋይ እንሰምዖ - "ሓንቲ ጽብቕቲ፡ ፍርቂ ኑብሳ ዓሳ ፍርቂ ኑብሳ ሰብ ኣላ" እናተባህለ ዝነገረላ ብጋህዲ ዝረኣኹዋ እዩ መሰሉኒ ነይሩ። ግና ብሓቂ ሰብ ኩይና። ሃዲማ ድማ፡ ናብ'ቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝነበረ ግዝውቲ ከደት። ዓይነይን ልበይን ከኣ ምስኣ።

እቲ ዝነበረቶ ከባቢ ንጽእሱ ዘለዎ ጽባቐ ዘደንቕ እዩ። ምስ'ቲ ጽሩይ ገምገም ባሕሪ፡ ከምኡ ዝኣመሰለ ብኣግራብ ዝተሸፈነ ዘሎ እማሰሊ ኣይነበረን። ዚያዳ ንልበይ ሰልብ ዘበለ ግና፡ እቲ ዝኣተወቶ ገዛ እዩ። ዲታ ጓል ዲታ ምኻና ኣይሰሓትኩምን። መዋእለይ ክንድኡ ዝኣክል ሃብቲ ዘለዋ ምስ ተማኸኡ እዩ። ምርዕውቲ ከምዘይኮነት ገሚትኩ።

ዕድመኣን እቲ ካብ ፈለማ ከም ኩብዲ ኣደይ ተቐሊዑ ዝተራእየኒ ሰብኩታን እኸሉ ምስክር እዩ ነይሩ። ግዲ የብልኩምን ኣብ ምስትብሃልሲ ንፉዕ እዩ። እንተኾኑ ንዓይ እትኸውን ጠላሕ ትብለኒ ሰብ ኣይረኸብኩዋን ዛጊት። ሕጂ ግና ዝረኸብኩዋ ኩይኑ እስመዓኒ ኣሎ።

ንሳ ንባዕላ፡ እቲ ፈለማ ብሰማይ ናብቲ ባሕሪ ምስ መጻእኩዋ፡ ቀልጢፉ ኑብሳ ኣይሓበኣትን። ኣምላኽ ካብ ሰማይ ሰብ ዝለኣኸላ ግዲ መሰሉዋ ክትከዋወል ኣይደለየትን። ካብ'ቲ ባሕሪ ወጺኣ እግሪ እግራ - ናብቲ ዝኣተወቶ'ሞ ዘሀዘኒ ገዛ ኣተኹ። "ክቡር እንታይ ዘሽግርካ ኢኻ?" በለኒ ሓደ ኣገልጋሊኣ እዩ ኢለ ዝገመትኩዎ። ኩነታተይ ክብድ ከም ዝበሎ ካብ ኣጠማምታኡ ተረዲኤዮ እዩ።

"ኣነ ነዛ ንሓያሎ መዓልታት በዚ ሰማዩ ሰማይ ዘወር ክብል እንክለኹ ኣብ'ዚ ዝርኣያ ጓልኩም፡ ንቕወም-ነገር ዝደለኹ እዩ።" መለስኩ ሓሶት ወሲኸ - እምበር ከም ሓቂ ሸዓኡ እየ ንፈለማ ዝረኣኹዋ። ውሽጢ ኣትዩ ተመልሰ'ሞ፡ ከምዚ ክብል ተዛረበኒ።

"ክቡር፡ መልእኽቲ ኣብጺሖ መልሲ እውን ሐዚ መጺኡ ኣለኹ። ንሱ ድማ፡ በዚ ሓደ ሸነኽ ናይ'ዚ ገዛ ምሳኻ ኣብ ሓደ ሰዓትን ደቒቕን ኣብ'ዚ በጺሑ ከማኻ ዝሓተተ ስለዝተረኽቡ ንመን ኣቢና ንመን ሕራይ ክንብል ኣሸጊሩና ኣሎ'ሞ፡ መልሲ ሓሲብና ክንነግረኩም ኢና። ሕጂ ግና ኣዕርፉ" በለ።

"ወይለከ! ከም'ዚ ዝበለ ተብተብከ ኣሎ ድዩ ደኣ? ርእዩ ዝምርዓዋ እንተረኸበት ግዲ እየም ንደገ ከም እትወጽእ ገይሮምዋ" በልኩ ብልበይ። ከዕርፈሉ ዝተዋህበና ኣዳራሽ ዘርርም እዩ። እቲ ንሳ ትድቅሰሉ ደሓር ምስ ተመርዓና ኣነ እውን ዝድቅሰሉ ገዛ ደኣ ከመይ ይኸውን. . .ተደነቕኩ። ንሓዋሩ ኣብኡ ምስኣ ክውዕልን ኩሓድርን እናተረኣየኒ። እንተ እቲ ድሒሩ ዝተዋህበና መልሲ፦

"ኩሓስበሉ እየ ስለዝበሉት፡ ሕጂ በቦታኹም ከዱ። መልእኽቲ ምስ በጽሓኩም ትመጽኡ።" ዝበል፡ ኣብ ገምገም እቲ ብህድኣት ቀምበዩ ቀምበዩ ዝበል ዝነበረ ባሕሪ፡ ኣብ ሑጻ ዝተጻሕፈ እሞ፡ እቲ ገይሹ ዝነበረ ባሕሪ ምስ ተመልሰ ኑቲ ጽሑፍ ከም ዘለዎ ምስ ሒጻኡ ሓፍ ኣቢሉ፡ ኣብቲ ማይ ጸንበለል ኣቢሉ ከም ዝንብብ ዝገበር መልእኽቲ ጸንሓና። እቲ ሑጻ ምስ ኣንበብናዮ ባዕሉ ንውሽጢ ጡሓለ።

ብተወሳኺ፡ መዋቲ ዝኾኑ ወላዲ ናይ'ዛ ጎርዞ፡ ኣብ'ቲ ዝዓረፉሉ እዋን፣ "ቅድሚ 17 ዓመት ዕድመኣ ከይትምርዖ፣ ልክዕ 17 ዓመት እኽል ኣብ ዘበለትላ ግና፡ ግድን ክትምርዖ ኣለዋ" ዝበል ለበዋ ከምዝገደፉ ፈለጥና። እቲ 17 ዓመታ ግና ድሕሪ ዓመት ደዩ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ወይስ ወርሒ ክመልእ ዝፈለጥናዮ ኣይነበረን።

እዚ ቁጻራ'ዚ ካብ ባሕሪ ተረኪቡ በቲ ዝኸደኩዎ ደብና ኣቢለ ንዓደይ ተመለሰ። ኣብ ትጸቢት እንክለኹ እዩ እምበኣር፡ እቲ ብንፋስ ዝበጽሓኒ መልእኽቲ ዝተላእከለይ። ኑቲ ከም ቀደመይ ክጉዓዘሉ ዝሓሰብኩ ደብና፡ እቲ መልእኽቲ ዘምጽኣለይ ንፋስ ብኣኡ ሸነኽ ስለዝመጸኣ'ሞ - ሐዚዎ ንድሕረይ ከይዱ ስለዝነበረ፡ ቀዲመ ኣብ ቆጸራ ክበጽሕ እንተደኣ ኩይኑ ናይ ግድን ቀልጢፉ ኣብኡ ዘብጽሓኒ ኣቋራጭ ወይ'ውን መሳለጥያ ከድልየኒ እዩ። እቲ ብኻልእ ሸነኽ ዝመጽእ መወዳድርተይ፡ ፈጺሙ ክቕድመኒ የብሉን። ካብኡ ኣብለጹ ዘርኢ ብዙሕ ነገራት ነይሩኒ እዩ። ንሱ ይትረፍ ኣብ ቅድመይ፡ ኣብ ቅድሚ'ቲ ክፋእ ዝበዝሐ ሰብ እውን ክቐርብ ዝግበኦ ኣይኮነን። መርኣያ የብሉን። ናተይ ነገረኩም እየ - ሰእሊ መልእኽቲ እዩ። ልክዕ ከምተን ወግሐ ጸበሐ ኢጋጥየን - ናብ ድልየተን ከእትዋኒ ህርድግ ዝበላ ወይዛዝርቲ ከባቢናን ኪኖኡን።

ማሕፉዛ ንዓይ ምምራጻ ኣይተርፋን እዩ። ባህልን ልምድን እንተዘይ ኣሰሒቱዋ፡ ኣብ ኩሉ ቀዳማይ ባዕለይ እዩ። ኪኖ'ዚ እንተደኣ ኩይኑ ዝጥዕሞ ኣይኮነን። እቲ ምንታይ ኣብ ከም'ቲ ዝኣመሰለ ጽቡቕ ከባቢ፡ ኣብ ከም'ቲ ዝኣመሰለ ግሩም ኣደራሽ፡ ምስ ከም'ቲኣ ዝበለት ምልክዕቲ ጎርዞ ክነብር ዘምሕረለ፡ ብዘይካይ መን ክህሉ ይኽእል። ኣይትቀየመኒ ይትረፍ ቅድሚ'ዚ፡ ቱሕቱሓ ቅድመኹም ቅድሚ ቅድመኹም ኣነ እየ። ጃህራ ገይርኩም ኣይትረድኡዎ።

ዓዲ፡ ካብታ መልክዕን ሃብታን ወሰን ዘይብሉ - 'ጥብ በል' ዝበል መልእኽቲ በጺሑዎ ምስ ሰምዑት ጉድ ኢላ። ካብ ከምኣ ዝኣመሰለት ሕልፍቲ መልእኽቲ እጸበ ምንባረይ፡ ኑቲ ወረ ባዕለይ ኣንፈሰዮ ነይረ እዩ። ዓዲ፡ ፈረሰይ ለጉመ ኩረሻ ክጽዕን ምስ ርኣየት፡ "ዕድልካ ዶምጆ ኣቦና ይግበር፣ ጸቢል ኢደካ ንገፈልና።" ብዝበሉ ከበቢያይ ጾቕጥቕጥ ኩይኑ። ዋላ ወርሒ፡ ኣብ ውሽጢ ግዝኣም ኩይና ኣማዕድያ ክትርእየኒ፣ ካብ ውሽጢ ግዝይ ብዓይኒ መርፍእ ኣሕሊፈ ርኣኹዋ። ወርሐ ከም መልክዕ ምልክዕቲ እያ። ብዛብቲ እውን ደሓን እያ ዓዲ ዘሕድር ኣለዋ። ግና ንዕምርና ብኸፍና ዘናብር ኣይኮነትን። ኣብ መንጎ ምስ ጠለመና ድማ መልክዓ እውን ክጠልም እዩ። መልክዐይ ድማ ክልክም እዩ። ሰብ እንጀራኡ እንዳኣሉ መልክዐ። ምኽንያቱ ንናብራኡ እዩ ዝመስል። ሻቡ፡ ከርፋሕ መርዓት፡ ከርፋሕ ናብራ - መን ክርእየ። ሕጉሽ ድማ ከርፋሕፋሕ ኣይፈቱን። ብየማናይ ሸነኹ መዓር፣ ብጸጋማይ ድማ ጠስሚ ዝፈሰሱ ሩባታት እናረኣየ ዘይነብሮ ናብራ ኣይብረሀን።

ሻቕሎት ነይሩኒ እዩ። ኣምባላይ ፈረሰይ ከምቲ መልእኽቲ ዘምጽኣለይ ንፋስ ዝሕንብብ'ኳ እንተኾነ፣ ዝሓልፎ ዓቐብ-ቁልቁለት፡ ዘይጥጡሕ ጉላጉል፡ ዕንቅፋት ከይኮኑኒ ሰጊእኩ። ዓዲ ብድሕረይ "ከም ዕድልኪ" ኢሊያ ነቒለ ኣብ ሓደ ከባቢ ምስ በጻሕኩ፡ ዘይተጸበኹዎ ዕድል ገጢሙኒ። ቀደሙ ይኾነለይ እዩ። እዚ ዝኸውን ዘሎ፡ ካብ'ታ ዝተበገሰኩላ ደቒቕ - ኣብ ማእከል ሰዓትን ሰለስተ ደቒቕን ሰላሳን ሓደን ካልኢትን ፈረቓን እዩ። ብሸነኽ እቲ ዝኸዶ ዝነበርኩ ቦታ ዝመጽእ ህቡባ ሓመድ፡ ኣብ'ቲ ዝነበርኩዎ በጺሑ፡ መሬት ተንኪፉ ነበረ። ኣይነገርኩኹምን ጉዕዞይ ካብ ከበሳ ንመታሕት ናብ ገምገም ባሕሪ ምዃኑ እዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብመሬት መሬት ምኻድ ኣይተራእየንን። ኣገዳስነቱ ጥራይ ዘይኮነ ዘይስሉጥነት እውን ስለዝነበሮ።

ጉዕዞይ ብላዕሊ ላዕሊ በቲ ህቡባ ሓመድ ገበርኩዎ። እቲ ዝነበረ ንፋስ ዘልዓሎ ጸዕቂ ሑጻ ኑቲ ዝጋልብ ዝነበረ ኣምባላይ ሸኽል ሸኽል ከይብሎ እኳ እንተፈራሕኩ፣ ኣምባላይ ግና ዝጸዓድ ፈረስ ኣይነበረን። ምግላቡ ወሰኽሉ ደኣ'ምበር ዝሕጥ ኣይበለን። ብታሕቲ መሬት፡ ኣነ ብልዕሊኡ ዘለኹዎ ጣቓን ደሮናን፣ ብልዕለይ ድማ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘንጠጠየ ደብና። ኣብ ገለ ቦታ ምስ በጻሕና ኣምባላይ ማይ ዝጸምኦ ኩይኑ ስለዝተሰምዓኒ፡ ካብቲ ብልዕሌና ዝነበረ ደብና ብሹቶሉይ ሽኽሽኹ ከስትዮ ናብቲ ብርኽ ዝበለ ህቡባ ሓመድ ደየብ እንተፈተንኩ፡ በረድ ኩይኑ ደረቐ ኣበየኒ። ቁሩብ ዝተጨላለፈ በረድ ረኺበ - ንኽበዝሕሎ ድማ ብኢዘይ ኣእተኹሉ። ከምዚ ኢለ ብፍጥነት እናተጓዓዝኩ እንክለኹ እምበኣር እየ - ብቕድመይ ሓደ ኣደናቒ ነገር ዝተዓዘብኩ።

ይቕጽል . . .

ሩፍታ

እንቋዕ’ኳ. . .

ጥዑምዝጊ ተስፋይ
tum.tes.88@gmail.com

“ከመይ ኣለኺ ሃና - እዛ ገዛኺ’ኳ ምጥንትን ጽብቕትን’ያ” በልኩዋ ብጸበት ቤታ ከይትሰከፍ እናሓሰብኩ። ጠገለ ዘይብሉ ሸኻሹግ ሓሊፈ እየ ኣብ ገዝኣ በጺሐ። ዕላልን ዕጣንን ናይ’ቲ ብኽልተ ረጋ ናይ’ቲ መሕለፊ ዝርከብ ገዛውቲ፡ ብቐጥታ ናብ እዝንናን ኣፍንጫናን እዩ ዝኣቱ።

“እንታይ ደኣ - ምስ ጥዕናን ተመሳሰልንን እኽልቲ’ያ” ክትብል ምስ መለሰትለይ፡ ዘዳለወቶ ቡን ናብ ምቕላው ኣተወት። እታ ደርኩኹት ምስ ረጸኣ ብኽልተ ስኮሚ ኣብ ዓራት እተብጽሕ ምድሪ ቤት፡ ኣመና ጸርይቲ እያ። ሃና ካብ ኮፍ መበልአ ተንሲአ ኮፍ ንኽብል ክትዕድመኒ ከላ እየ ነታ ቤት ብዙርያ ጠሚተያ። ዝበዝሐ ኣብ መንደቓ ተሰቒሉ ዝረኣ ምስሊ መላእኽትን ጻድቃናትን እዩ። ምስ’ቲ ብዙሕ ሕሉፍ ሂወታ ዝሰማዕኩዎ ብምትእስሳር ድማ ናይ ፍርሓ ምልክት ምኻኑ ገመትኩ። ሰበይ፡ ካብ’ቲ ብስሕታን ክኸዱዎ ዝጸንሑ ግናይ መንገዲ ክምለሱ ከለዉ፡ ንጸለም ሕሉፎም ክሰርዝሎም ከም ዘኽእል ናብ ዝኣምኑሉ ነገር እዮም ዝጽግዑ። ምናልባት ሃና ’ኸኣ ከምኡ ክትከውን ትኽእል እያ።

ሕጽር ዝበለ ሰላምታ ምስ ተቐባበልና፡ መፈለምታ ዘረባ ደለኹ። ቀድሚ ናብ’ቲ ከም እሾኽ ዝጠን ዝወግኣ ዳሕረዋይ ሂወታ ምእታወይ ግን፡ ዕውትቲ ምኻና ነገረ ከደዓዕሳ ብኽፉት ልቢ ክተዕልለንን መረጽኩ።

“ቤትኪ ምውቕቲ እያ፡ ናብራኺ ’ኸኣ ከም ቤትኪ ምውቕ እዩ ዝመስል. . .” በልኩዋ። ናይ ርእሰእምነት መልሲ እናተጸበኹ ግን “እንሀለና ትርእዮና - እንታይ’ሞ ኩሉ ነገር ምስ ተኸሰረ. . .” ብምባል ናብ ዝንታ ገጻ ዘበለት። ብጣዕሳ እናተለለወት ምዕላል ከይትኣብየኒ ስለ ዝሰጋእኩ ድማ’የ ቀልጢፈ ዝኸሉፍኩዋ። ኣብ ንቡር ስሩ ኣእምሮ ኮይና ከተዕልለኒ እየ ዝደለ።

“ብወረ ከም ዝሰማዕኩዎ ፍጹም ተቐይርኪ ኢኺ። ዓባይ ሰብ ምኻንኪ. እዮም ሰቡት ዘዕልሉ” - እዚ ምስ በልኩዋስ እቲ ፈለማ ዝመለሰትለይ ከም ዘጠዓሳ ኣብ ገጻ እየ ርእየ። ዘረባና ኣዘራርባና ክሳብ ክንደይ ንሰብኣት ክጎድእ ወይ ክትብዕ ከም ዝኽእል ከኣ ብዚየዳ ኣብ ሃና ኣንበብኩ።

“መቸም - ብዓቕመይ እቃለስ ኣለኹ፡ ኣምላኽ ድማ ንመን ኢሉዎ. . .?

“በሊ እስኪ ካብ ናይ ትምህርቲ ሂወትኪዶ ክንጅምር” በልኩዋ ቀልጢፈ። ኣብ ዕድመኣ ካብ ዝበሩ መማህርታ “ኣብ ትምህርቲ በርቂ እያ ነይራ” እናበሉ እዮም ዘዕልሉላ። ኣውዳት ሃረር ዝበሉዋን ፈጺማ መንገዳ ዘይትስሕትን ምንባራ እውን ይዛረቡላ።

“ኣብ 1987 ዓ.ም. ኣብ ኣስመራ እየ ተወሊደ። ጓል ሓሙሽተ ዓመት ምስ ኮንኩ ትምህርቲ ጀሚረ። ወለድና ብኽንክንን ፍቕርን እዮም ኣዕብዮሙና - እንታይ’ሞ. . .” ምስ በለት፡ ዘረባ ኣቋሪጻ ድሮ ናብ ዝኸረ ሸለው በለት። ሕሉፉ እንክትዝክር ድኻ ሓዘን ዝኸደን ፍረ-ገጻ ምስ ረአኹ ኣመና ደንጸኹ። ቀሰል ንኽሰድእ ቤታ ዝኣተኹ ኮይኑ እውን ተሰመዓኒ።

“ክንደይ ክፍሊ በጺሕኪ ሃና?”

ኢለቨንዝ (11) ወዲኣ ትዌልቨዝ (12) ምስ ጀመርኩ እየ ኣቋሪጸዮ። ኣብ 1995/96 ኣብሉ እዩ ነይሩ። ኢለቨንዝ እናተመሃርኩ ከለኹ ኣብ መውዳእታ ዓመት ከይተረደኣኒ ሓድሽ ጠባይ ከምጽእ ጀሚረ. . ።” ኣዒንታ ብሰርቢ ንብዓት ተኸደነ። ገጻ ብጣዕሳ ተጎልቢቡ ካብኡ ንንጸው ንኸይሓታ ዝምሕጸኒ ዝበረ መሰለ።

“ሃና - ዝተደፍአ ማይ ኣይሕፈሰን እዩ። ብዙሕ መጺኡ ጥራይ ኢኺ ክትጥምት ዘለኪ. . .” - ዋላ’ኳ ብደቒቕ ኣይኹን እምበር፡ ብዙሕ ድሕረ-ባይታኣ ካብ ጸቡቕ ገይሮም ዝፈልጡዋ ሰባት ኣፈናዊ ሓበሬታ ሐዘ ነይረ። “ንኹሉ መሰናኽላት ሰጊርኪ ሓድሽ ሂወት ካብ ትጅምሪ ሓጺር ኣይገበርክን - ስለዚ ሕጂ. . .” ኣደዓዒሰ ዛንታኣ ክስዕብ እዩ መደበይ።

“ጸቡቕ ኣለኻ - ግን ክዘክሮ ከለኹ ኣየኽእለንን እዩ። ኣብ ከመይ ዝበለ ሂወት ድየ ነይረ - ከመይ ኢለ ኣትየ? እንታይ ደፋፊኡኒ? እቶ’ዩ ክሳብ ሕጂ ዘይርደኣኒ. . .” ሰኽሕኽሕ በለት። እቲ ሕቶታት ኣነ ክምልሶ ከም እትጽበየኒ ድማ ዓይኒ-ዓይነይ ጠመተትኒ።

“መማህርትኺ ይኹኑ ፈለጥትኺ ኣዚኺ ንፍዕቲ ተመሃሪት ከም ዝነበርኪ እዮም ዘዕልሉ። ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ምውዳእኪ ደኣ እንታይ ተረኺቡ?

ከም’ቲ ዝሰማዕኩዎ ካብ ንእሹተይ ንፍዕቲ ተመሃሪት እየ ነይረ። ስድራይ እውን ምስ ክልተ ንኣሽቱ ኣሕዋተይ፡ ኣብ ትምህርቲ ብጥንቃቐ ይከታተሉና ስለ ዝነበሩ ሓገዝኒ እዩ። ብቐደመይ ንፍዕቲ ተመሃሪት እንተ ነበርኩ’ኳ፡ ናብ 12 ክፍሊ ምስ ሓለፍኩ፡ ካብ ወትሩ ፍልይ ብዝበለ ኩነት ክጅምሮ ሓሳብ ነይሩኒ። ኣብ ትምህርተይ ክጥቀመሉ ካብ ዝነበረኒ ግዜ ዋላ ሓንቲ ካልኣት ክኸስር ከም ዘይብለይ ምስ ነብሰይ ቃል ኣትየ። ልዑል ነጥቢ ኣምጺአ ዩኒቨርስቲ ክኣቱ ሃንቀው እናበልኩ ወርሒ ዝኸውን ተማሂረ። እዚ ክበልካ ከለኹ ግን፡ ከም ቀደመይ ከም ዘይነበርኩ ይርደኣኒ ነይሩ። ክጽንዕ እንተ በልኩ ይኣብየኒ - ጥራዝ ሕዝ እንተኣበልኩ ልበይ ገዲፉኒ ናብ ካልእ ይኸይድ. . .”

“ናበይ እዩ ዝኸይድ”

ብምንታይ ከም እትጅምር ዝጠፍኣ ክትመስል፡ ንሓሲ ኣንቃዕሪረት’ሞ፡ መሊሳ ደጊና ትም በለት። ተጸብየያ። ሕንቕንቕ ትብል ስለ ዝበረት፡ መሊሱ ንኸይገድዳ ኢለ ዋላ ሓንቲ ኣይተዛረብኩን። ሰርቢ ንብዓታ ኸ ከይወረደ ከሎ ኣዒንታ ብምልያእ ድሕሪ ምሕባስ “ኢለቨንዝ ወዲአ ዕረፍቲ ኣብ ዝበርናሉ እዋን፡ ምስ ሓደ ናብ ቤት ትምህርተይ ክኸይድ ከለኹ ኩሉ ግዜ ዝረኽቦ ዝበርኩ ሰብ፡ ናብ ከተማ እናወጻእኩ እዛወር ነይረ።”

“ብኸመይ ተላሊኽም ምስኡ”

“እንታይ’ሞ ክበልካ እየ ወደይ! ኣብ ኢለቨንዝ ናብ ቤት ትምህርተይ ክኸይድ ከምለስን ከለኹ፡ ብኣፈፌት ናይ’ታ ንሱ ዝሰርሓላ ዝበረ ጋራጅ’የ ዝሓልፍ ነይረ። ኣብ’ቲ እዋን’ዩ ድማ ብኡ ክሓልፍ ከለኹ ንኽንላለ ዝተኻትተኺ ዝበረ። ኩሉ ግዜ ሸለል ኢለ እሓልፍ ነይረ። ሓደ ሓደ እዋን’ውን ቅጭ ስለ ዘምጽኣለይ ከዕርፎ እደናደን ነርኩ። ሓንቲ መዓልቲ ግን እንታይ ከም ዝኾንኩ ንሓጺር እዋን ደው ኢለ ሰሚዐዮ። ንፈለማ እዋን ፊት ንፊት ዝተቐራረብናላ ንገሆ’ያ ነይራ። እንደዒ - እንታይ ከም ዝኾንኩ፡ ቅጭ የምጽኣለይ ከም ዘይበረ ገለ ነገር ተሰሚዑኒ። እንተስ ቃል ዓለም እንተስ ሕፍረት፡ ምጥማጥ ሰኢነ ቁልዕጽዕጽ በልኩ። “ሃየ - ከመይ ጽብቕቲ ዓመት ምልእ ብሓይሊ ሰላም እናበልኩ ኣሰልኪየኪ እኸውን’የ” ንሰላምታ ዘጨበጦ ኢደይ ከይፈነወ ክምስ በለ። ብሓቂ ኣሰናኑን ኣዒንቱን ገለ ኣለወን። ህድእ ኢሉ እዩ ዝዛረብ. .”

ኣዒንታ ምንቅስቓስ ከም ዘቋረጸ ምስ ደብዘዘ ምስለን ኣብይ ተተኸለን ነበራ። ግና ናባይ ገጻ ደኣ ትጠምት እምበር፡ ርግጸኛ’የ ኣብ ገጸይ ምስሊ ናይ’ቲ ዝበሎ ወዲ ኣቓሚጣ ትዛረብ ከም ዝበረት።

ሸው ወደይ “ደይ ሰላምታ ደኣ ናይ ፈጣሪ’ዩ” ኢለዮ፡ ብሕፍረት ዝኣክል ኢደይ ክፍንወሉ እናተተሰፈኹ። ኩላቶም መሳርሕቱ ሰራሕ ገዲፎም ደው ኢሎም ይጥምቱና ስለ ዝበሩ፡ ኣብ ዝኣትዎ ጨኒቑኒ። “በጃኺ ንእሽቶይ ዕላል ኣይትብቆቕለይ፡ ብሓቂ ንግኺ ምስ ረኣኹ ኣዋልድ ምጥማት ገዲፈ እየ። ዝበን ናፈቕቲ ኣዒንተይ ደንጎጸልን. . . እንተ ኣፍቂድክለይ ክኣ ድሕሪ ሕጂ ሃና ዘይትንሓዙሉ ምቕርቲ ሕልመይ ኢለ ክጽውዓኪ’የ. . .” እንታይደኸ ዘይበለኒ። እንደዒ እታ ልበይ ኣብ ቀረባ ድያ ጸኒሓስ ዋላ ከምኡ ሰሚዐ ዘይፈልጥ ኮይና - ከም ገለ ኮይኑ ደሓር ከኣ ዝኾነ ወዲ ከምኡ ንኽዛረበ ዕድል ሂበ ኣይፈልጥን ነይረ. . .”

“ካብኡ ንደሓርከ?”

“ደሓር ደኣ ዋላ እሓልፍ እንተ ነበርኩ፡ ብኡ ክሓልፍ ከለኹ ሰሓት ኢልና ብደውና ነዕልል ነይርና። ቀስ ብቐስ ከኣ ልበይ ተሰሪቑ። ካብ ገዛ ወጺኣ ዘይፈልጥ፡ ዳርጋ መዓልታዊ ምስኡ እወጽእ ነይረ።

“ኣበይ ትመሃሪ ነይርኪ - ግዳውትኽምኸ ኣበይ ነይሩ”

“ኖኖ! እዚ ኣይምገርኩን እየ! ሸመይከ ከተወጽኦ ዲኻ?

“ብዙሕኡ ኣይትሰከፈ - እንተ ዘይደለኺዮ ኩሉ ብናይ ብርዒ ስም ክጸሓፍ ይኽእል እዩ።

“እወ ከምኡ ግበር - ከይተዋርደኒ፡ ኣየናይ ጥዑይ ዛንታ ሐዘ ደኣ. . .”

ዋላ’ኳ ካብ’ቲ ንንእሰነታ ዝደወነ ዕብዳን እንተ ተገላገለት፡ ተሓቢኣ ክትነብር ዝመረጸት እያ ትመስል። ዝሓለፈቶ መንገዲ ኣብ መሸገራገር ንኽትቀብር እዩ ዝደፋፍኣ።

“ብዚይካ ኣብ ትምህርታ፡ ምስ ኣውዳት ዘይትቐርብ እያ ነይራ እውን ይብሉኺ መማህርትኺ”

“ሓቆም እንድዮም - ክብሮም ግን ንኹሉ ትምክሕተይ ኑቁይ ኑቁይ ኣብሉዎ። ቀስ ብቐስ ካብኡ ምፍላይ ዘይክእል ኮይነ። በዩኒይ ክኸውን ከለኹ ድማ ንሱ ጥራይ ይረኣየኒ. . .”

“ኣፍቂርክዮ ማለት ድዩ?

“ከምኡ እዩ እምበር እንታይ ደኣ? - ዝርመካ ሸዐሰ ‘ፍቕሪ ዲዩ ሐዚኒ . . . ሰለምንታይ. . . ኣብ ሓጺር ግዜ ፍቕሪ ክሕዝ ይኽእል ድዩ . . .”ኢለ መዓት ሕቶታት እናልዓልኩ ንነብሰይ ኣጨንቓ ነይረ። ‘ክኸውን ዘይክእል’ዩ! ብፍጹም ኣየፍቅርኩን” ኢለ ንነብሰይ ክሓደዮ። ንኸይንበርከኽ ክሳብ መወዳእታ ክተርር ፈቲነ እየ። ኣብ’ቲ መጀመርታ ገለ ይኸውን ከም ዝነበርኩ ምስ ተረደኣኒ ከማን ከይረኽበኒ ኢለ መንገዲ ቀይረ ቤት ትምህርተይ ክኸይድ ጀሚረ። ግን መሊሱ ንዓይ ከፊኡኒ። መማህርተይ ይኹኑ መማህራነይ ዝኾነ ወዲ ሕራይ ከኣ ዘይክእል ጓል ሄዋን እናበሉ ይዛረቡለይ ስለ ዝበሩ፡ ‘ሰበኩ እንታይ ክብለኒ?’ እናበልኩ ሽቕርር እብል ነይረ። ናይ ዓቕሊ ጸበት’ዩ ነይሩ በቃ! ማዕረ ቤተክርስትያን ከይደ ንፈጣሪ - ‘ፍቕሪ ከይተትሕዘኒ’ እናበልኩ እልምኖ ነይረ።

“ብጸጋቕኺ ኩሎቶም ዝረኸብኩዎም እዮም ዘድነቑ ሕጂ እውን ኣሰሩ ኣሎ። ካልኦት ክቐርቡኺ ዝደልዩ ኣውዲት ነይሮምዶ?”

መልሰኣ - ኣነ ግን ገጽ ስለ ዘይህበም ዝደፍሩኒ ኣይነበሩን። እዋይይይ. . . ኪዳ ዝበሃል ነይሩ መማህርትና ኪዳ ቀሪ ዝበሃል ነይሩ ሞኽ ዘበለ።” ኣብ’ቲ ደጣን ገጻ ሃሳስ ክምስታ ተለጠፈ። ሂወት ቤት ትምህርታ ቅጅል ከም ዝበላ ተረደኣኒ። ምስ ትዝታኣ ክኸይድ ኢለ ድማ “እሺ ሕራይ ናይ ኪዳ ኣዕልልኒ - እንታይ እዩ ዝብለኪ ነይሩ?” በልኩዋ እናሰሓቕኩ።

“ዓኸ ኪዳ. . . ንሱ’ኳ ከማዛ ሞኽ የብለኒ ዘይነበረ ኩሉ ግዜ እየ ዝዝክሮ። ካብ ዓሰራይ ክፍሊ ኣትሒዙ እናጸወዐን ኣብ መንገዲ ደው እናበለን ኣሕረሩኒ’ዩ። ኩሉ ግዜ እንደዩ ከይፈተኹ ደው እናበለ ዝዛረበኒ ነይሩ፡ ሕጂ ሓንቲ መዓልቲ ንኸጸግዖ ኢለ ኣንጊሀ ናብ ካሽሎ ቤት ትምህርትና ምስ ኣተኹ፡ ኩላቶም ተመሃሮ ኣብ ዝተኣኻኸቡሉ ክምጽእ ርእየዮ። ‘ሕጂኸ ኣበይ እየ ክሕብእ’ ኢለ ቀላሕሊሕ እናበልኩ ከለኹ ግን ርእዩኒ። እንታይ ከም ዝኾነ ሰሙን ምሉእ ኣብኩራ ስለ ዝበረ ሰላመይ ረኺበ’የ ቀጺዩ።

እዋይይይይ. . .! ኪዳን’ኳ እናጸላእኩዎ ‘ትፈትወኒ ኢኻ፡ ክጠፍኣልካ እናተመኘኻ ‘ናፈቕትኒ ኣለኻ፡ ዝብል ዓይነት ሰብ’ዩ ነይሩ!”

ይቕጽል . . .

ባህልን ስነ-ጥበብን

መዛሙር ናጽነት፡ ኣብ ቅንያት ናጽነት

ኣብርሃም ዘርአ

ናጽነት ልቢ ህዝቢ'ዩ፡ ንሳ ደምን ትጋሂስን ሓፋሽ'ዩ። ኣብ ዝኾነ ተሓዚልካ ንሳውን ኣብ ዝኾነ ተሓዚላ ብኩቦ ትግዓዝ። ስለዝ ናጽነትን ዋላ ንሓንቲ ደቒቕ ተፈላልየም ኣይፈልጡን። ንሳ ብዘይ ብኣኦም ኣይትኽበርን ንሶም ብዘይ ብኣኣ ኣይሕፈሩን። ናጽነት ከም ቁርሲ በንን ዝዕደል ነገር ኣይኮነትን። ብደም ዝተሓፈ ሓይሊ ብለጸት እዩ። ክንደይ ኣዋርሕ ሂወት ዝወሰደ ብርቱዕ ውሕጅ። ብሓፈሻ ናጽነት ካብ ኣእላፍ ጸበብ ከርጣ ካብ መከራን ሓሰራን ዝወጸት ብልጽቲ ህያብ ቃልሲ'ዩ። ብጠበኛ ደማ ትረጋገጽ። ጸሓይ'ያ ጸሓይ ብጹሓቱ ካዕ ዝበለት ዓለም። ናጽነትናውን ካብዞን ካልኦት ሃገራት ብዝፍለ ድንቂ ዝኾነ ታሪኽ ኣለዋ። ንጓኣ ንምርካብ ዝተኻየደ ናይ ነዊሕ ዓመታት ቃልሲ ተኣምር ኢልካ ምሕላፉ ይሓይሽ። ከም ጸሓይ ንዝሆ ማሰሰ ኣላ ምስ በረኞት ደማ ንኽብራ ብዙሕ መዛሙር ብየውታ ዝዝመሩላ። ህዝቢ ኤርትራ ብሓባስ ዝኣኸል ካብ ወዲኡ ወደ ንዓመታት ብዘይ ምቁራጽ ዝሓለመላ በዓል። ምኽንያቱ ካብ ናጽነት እትዓቢ ሂወት ስለዘየላ።

እቲ ጸለም ኮኾብ እናተባህለ ዝፍለጥ፡ ደምጻዊ የማነ ገብረሚካኤል (ባርያ) እንተኾነውን ንሃገርን ህዝባን ንጸምባል ናጽነትን ዘድመጾም ዜማታት፡ ኣዘዮም ብዙሓት እዮም። ኣብ ልቢ ህዝቢን ተቓለስትን ኣትዮም ደማ ስሚታት ትማሊ ኣብ ለሚ ኮይናም ይዝረቡን ይጸወዱን ። ንገዛ ሓፋሽን ኒታ ዝበጸት ህያብ 1991ዓም ዝተሓልፈ ሕልፈትን ኮኑ ብኣውታር ቃና መርሓታት መዚቃ ዘየኽፈሩና። እቲ ከውታ ልብን ተንክልን ዓሰለዎ ዝበረ ጸለም ደበና ከም ዘልገሰ ይዮኩና። እኾኽ ዳንዴር ጥፍኣት ተዘርኡዎ ዝበረ ግራት ደንበኛውን ከም ዝተጸሃየን ከም ዝተማሕወን ይጠቕሰልና። ከም ኣበት ዝ ትሰዕብ ደርፉ ምስ እንወስድ ንብህሉና ንጸር ይገብር።

ተቐንጠጡ'ዩ ጸልማት እቲ ግቢ ደና
እንሆ ጫ ብምጽዱ ብርሃን ከ
ተኸፊቱወ መገዲ ሂወት
ናጽነት ምኻኑ ናይ ሰላም መሰረት።

ናጽነት ሰል'ዩ ብኸንደይ ላዕልን ታሕትን ካብ ሓያል ዝተሓቆበ ማዕበል ዝጸዳትን ዝተረኽበትን ለል ባሕሪ። ከም ጉታ ገመድ ካብ ምንጋጋ ሓርገጽ ዝተመንዘዐት ተሃረፊት ጮማ ሓኸለ። ኣብዚ ኾሕታት እዚ ደርፊ ተወሪቑ ከም ዘሎ ደማ ዝኾረገ ሕማቕ ደበና ጥፍኣት ከም ዝተኣልየ ከም ወጸኢቱ ጨራታት መጻኢ ካዕ ኢሉም ከም ዝረኣዩ ቅድሚትን ድሕሪትን መላለሳ ትሕብረና ደርፊ'ዩ። ኣብ ዓለም ማሰሪት ከሉን ካብቲ ዝበለጸ ነገራት ዝሕረን ናጽነት ምኻኑ ከይንሓፈት ትዛረብ። ናጽነት ሰላምን ራህዋን ቅሳነትን ሰቲትን ትወልድ ሻኻ ጣዕሚ ምኻኑ ደማ ርገጽ ይገብር። ናብ ካልእ ከየላከ ደማ ብኸምዚ ይቕጽል፤

ተቐንጠጡ'ዩ ጸልማት ሰዒሮ
ፋና ዓወት ሽጊዩ ወሲዑ
ተጸሪዮወ መገዲ ሂወት
ናይ ሓርነ ገዕዞ'ዩ ናይ ሰላም መሰረት።
ናጽነት ክብረት'ዩ ንጌኣለም
ዘይሓሰ ዘይደምስ ቀደሕ ደም
ዘይወዱእ ዘይጸፍ ቀላይ
ዕንበ ሂወት ፈልፋሊ ጽሩይ ማይ።

እትኸዶ ገዕዞ ጥጠሑን ግልጽ ምልጽ ዘይብልን እንተኾይኑ ካብዚ ዝብቢ ሓርነት የለን፡ ሽኮ ወለዶ ኣብ ፋና ሂወት ምቕማጥ ከኑ እቲ ዝበለጸ ደስ ኣየካቶ። ባርያ ከኑ ኣብዚ ኣብ እዚኢ ሰማዕቲ ከም ማይ ሐዳ ትሰቶ ደርፉ ለመም እናበለ ናብ ዝደለዮ ክበጽሕ ደርፉ። እዚ ደርፊ ኣብ ግዜኣን ቦታኣን ኣብ እዚኢ ዝሓደረት ጥዕምቲ ዜማ'ዩ። ኣብ ቅርዓት ሃገራወነትን ንይላ ናጽነትን ተወጠሓ ደማ ንክብርታት ናጽነት ደጋጊማ ትሕብረና። ናጽነት ናይ ሓርነ ገዕዞ'ዩ። ብናይ ሓርነ ቅልጽም ደማ ናይ ሓርነ ዓወት ይዕደድ። እቲ ዝዕደድ ከኑ ናጽነት'ዩ። ብሓደ ልቢ ዝተኾመረ ቀምጦ ዓወት ደማ ከምቲ እቲ ደምጻዊ ዝበሎ ብዘይሓሰ ደሚቕ ደም ሰለ ዝቐፀአ ዘልኣለም ህያው ኮዪኑ ብዘኽሪ ይነብር። ኣብዘን ኣብ ላዕሊ "ዘይሓሰ ደም"፡ ዘይጸፍ ቀላይ"፡ "ፈልፋሊ ጽሩይ ማይ" ዝበለ ተዘርዚረን ዘለዋ ቃላት፡ ንርዝነት ናጽነት ከረድእ ዝሓሰቦ ትኽ ዝበለ ማስመር ግጥሚ'ዩ። ብሓፈሻ ኣብቲ ደበኛረን ዕረን እዋኑ ዝመቅረ ንምርካብ ዝተኸፈለ ሓርጽኝ ዝጠዘሓ ዘይጥጠሑ ጸርግያ ምኻኑ ከተብርህ ትኽእ። ካብ ኩብኩብታን ኣንጠጥ ዝደሓነ ግዱም ለምለም መሬት፡ ከበርታ ዝኾነ ክቐንጠጥ እንከሎ ተርእየና። ሂወት ብዘይ ናጽነት ዋጋ ከም ዘይብሉውን ከም ጽሕፈት ብሩና ተውቂጡ ኣሎ።

ብዓወት ንምንባር ብሰላም
ናጽነት'ዩ መበሪሂቲ ጸልም
ንራህዋ ቅሳነት እፎይታ
ናጽነት የብላን ማዕቢታ።
ስልማት መሬት ዕንበ
ሃገረይ ንጊያ መኽሰብ
ኣብ ጕንጉል ሜዳ ኣብ ሩባ
ኣወሊዑዩ እንህት ዓባቢ።

ኣብዛ ዘንበበ'ያ ግጥሚ ተዘርጊሖም ዘለዉ ዘርኢ ቃላት፡ ኣብ ዝሰደካ ከይደካ ናጽነት መዳርግትን ማዘነን ከም ዘይብሉ ዋጋ ክብራ ንምፍላጥ ብዘኾነ ክትዕረር ከም ዘይትኽእል ተቐሚጦም ንረኽቦም። ብኾሊእ ወገን መኽሰበን ግምዷን ሓደ ህዝብን ሃገርን ናጽነት ምኻኑ ከተንብሀ ይጽዕር። ግርማ መልክዕን ስልማትን መሬት ዕንበ እንተኾይኑ ግርማ ወድ-ሰብን ሃገርን ደማ ናጽነት ከም ዝኾነ ኣሰርዩ ይዛረብ። ኣብ መውዳእታ ከኑ ንናጽነት ብጠንዔራ (ኣወሊዕ) ብምውካል ኣብ ጐቦታትን ጐላጉልን ዓዱ "ኣወሊዑዩ እንህት ዓባቢ ኣጕላሲዓን ተንበልበለ" ብምባል ዝያዳ ንኽብሪ ዝኸአ ኣጕሊሑ ከደምድማ ደርፉ። ብዙሕ ከወደደርውን ኣየርኣን፡ ንዘለዋ ርዝነት ከም ምፍኻስ ምኻኑ ስለዝተረደኡ ካብ ቶን ሰሚታታ ከየውጹ "ናጽነት የብላን ማዕቢታ" እናበለ ከም ኳደረ ክዘውር ደርፉ።

ናጽነት ብሰበ'ያ ትረጋገጽ፡ ብኡ ከኣ ትሕፈር፡ ስለ እንተዘይ ሃልዩ ዝወሃን ናጽነት መዋቲ'ዩ፡ ምኽንያቱ ብናይ ኣእላፍ ተጋሩ እትዓኩኽን እትጥጥዕን ዕንበ ጸገራ ስለዘኾነት፡ ናጽነትና ምስ በረኞት'ውን ብዙሕ ደርፍታት'ዩ ተዘሚሩላ። መሉጌታ በየን (ወዲ- ዛግር) እንተኾነውን ካብ በረኻ ፍዮሪ ናጽነት ሐዚ ማዕረ-ማዕረ ሰጡሚ እግሩ ኣስመራ ምስ ዓለበ ንኣስመራ ብድምጺ ጎረሮኡ'ዩ ተቓለዐዋ። ኣስመራን ናጽነትን ኣብ ሓደ ቃሪና መገዲ ንኽ ምስ እተፍቅርም ደቃ ተሓፍንቕ ምስ ከኑ "መርሃዊ" እትብል ደርፉ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባስ እናበለ ከም ዝዘሚ ሽሻይ ዘወፈያሉ።

ፍረ ጸርሻቱ ህዝበይ
ጸሓይካ በሪቓያ ለደለይ
መርሃዊ ረኺብ ዓዐይ ኣስመራ።

ዝኸደ ደበጽሒ ዝርኡ ይጸድድ። ዝጸደ ከኣ ምህርቲ ይሓፍስ። ኻሲሱ ዝተቓለሰ ደማ ከምረ ዓወቱ ይጽድድን ይሓፍስን። ኣብዛ ልቢ ኤርትራዊ ዘሰረሰረት ደርፊ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣምሳያ ናይ'ቲ ዝኸደ መሪር ኣደካሚ ገዕዞ ፍረ-ጸሩ ከሸነ ከም ዝኸኣለ ትዋገረና። ሰለሰ ዓመታት ዓቢን ጠፊኣን ዝጸንሐት ጸሓይ ናጽነት፡ ብቅልጽም ህዝቢ በሎኽ ኣላ ከም ዝወጸት ብመቕደም "መርሃዊ" ኣምሪሓ ኣብ ቅርዓት ሓርነት ከተቋጸ እንከሎ ከም ሆዩሆዩ ተሰሰና።

ኣብ ደቀምሓረ ምስ ተወርወረ
ናህሪ ወሲኹ መሬት ኣንዘረ
ኣብ ዓዲ ርሶ ጻዲድ ልሓሶ
ዓዲ ሓወሻ ቐጠለ ኣንበሶ
ዝኸረ ናይ ቀያም ከሸመር ሬሳ
ኣብ ከቢ ኣስመራ ጓይላ ዓምረ።

ብምባል ንደላይ ናጽነት፡ ናጽነት ከምጸአ ብድሌያ ንዝሓለፍዎምን ዝበጸሕዎምን ናይ ጀግንነት ወሰሎ ቦታታት፡ ሓደ ብሓደ ከጠቕሶ ደርፉ። ናህሪ ዘበዝበ መርሃዊ መወዳእታ ንምጭባጥ ናጽነት ከም ዝበረ ዓቢ ናይ'ቲ ዝሸዶን ዝደሸሞን ከም መጻዋን ጥቕልል ኣብሉ፥ ኒታ ፍረ-ጻምኡ ዝኾኑት ናጽነት ከም ዝረኸበ ከም ጸሎት ይደግመልና።

ደምጻዊ ካሕሳይ በርሀ እንተኾነውን ካብቶም ንኽብሪ ናጽነት ጎረሮኦም ሰሊሎም ዝዘመሩ ደምጻውያን'ዩ። ኣብቲ ሃርሃር ዝበለ ልደት ናጽነት ደማ "ደሰማጺሎ" ብምባል ነቲ ዝሰማዖ ብደስታን ዓውታን ንህዝቢ ከሪፉ። ብሀታሂታ ከም ሽንፋእ ጥዑማት ናይ ሓሰስ ቃላት እናጸገ ከኑ ክሕንብበ ደሰማዑ። ብፍላይ ኣብ መጀመርያ ኾሕታት ግጥሚ ንጎምሪታት ህዝቢ ብምውካል"ደሰማጺሎ" እናደገመ ብደስታን ሓጎስን ከዕርር እንክሎ ይሕብር። ሓበን ናይ'ታ ኣብ ጸለም ደበና ተኸዊላ ዝጸንሐት ሕብእቲ ወርሒ ናጽነት። ካብ ዓይኒ ዝጠፍዕ ምኽር ንላዕሊ ሰሊቁለ ደማ "ለምለም ሃገረይ ሓራ ኮይና ርኣያ" እናበለ ይወርድን መለሱ ብህጥራን ናጽነት ክፍኸኽን ንዝበ። ምስ ዘለዋ ውዑይ ህርመትን ሓይልን ደማ ትርግታ ህዝቢን ተቓለስቲን ከተዝሕል ትርፉ።

ደሰማጺሎ ደሰማጺ ኣሎ
ሳልቲ ጅግና ሓወይ ደኪኣሉ
ሓበን ደሰማጺ ኣሎ።
ደሰደሰ ሓጎስ ናጽነት-ሓርነት
ኣሰይ ተሓጉሰ ቀሰንኪ ይቐጸ።
ለምለም ሃገረይ
ሓራ ኮይና ርኣያ በዛ ዓይነይ።

ደርፊ ፊናን ዐመር ሳልሕ'ውን ኣብ 90'ታት ንለ ናጽነት ካብ ዝፈረያን ዝተሃንጸን መዛሙር ጥበብ ናጽነት'ዩ። እዛ ብድንቂ ትግሪ ብልዐል ፈሰታ እትገዓዝ ደርፊ ብዘለዋ ሓይሊ ሚሉዲ ከኑ ኣብ ንይላ ፍቕሪ ትኣጉድ።

መርሓብመርሓበ
ኣቕቡልከኒ ኤርትርያ
ዕዉል ኸዖቡ።

እዞም ቀንጨልና ወሰድናዮም ዘለና ክልተ ማስመር ካብ ጅርጽንታ ግጥሚ ንጹር ሰኾም መልእኽቲ ኣለዎም። ህዝቢ ነቲ ዝሓለፈ ብፍሽኽታ ትድኣብስ ናይ ሕልፍት ወይ ናይ ዕለል ትማሳል ጥዕምቲ ደርፈ'ዩ፡ "ኣሰይ! ኣሰይ! መርሓብ እንቋዕ ተመለስኪ ኤርትራ ጸላል ህዝቢ እንቋዕ ብሰላም ከምዝኣከፍ መጻእኪ" ዝበል ጸብ ደሰታ ከለሰቲ ከኑ ንሰማዑ። ኣብ ኣበን ሓጎስን ናጽነት ዓሪዳ ደማ ተተማላሊሳ "መርሓበ" እናበለት ክትወርድን ክትድይብን ትሰማዕ። መርሓብ ንኣደን ደቃን።

ደምጻዊ ፍጹም የውሃንስ እንተኾነውን ካብ እግሪ እግሪ ዐመር ሳልሕ "ኣይፍለን" ብምባል "መርሓብ ኣለኺ 91" ክበል'ዩ ሰይቡ። ንምቕልቃል'ታ ዝተወልደት ሓዳሽ ዓለም ኢዱ ዘርጊሑ "መርሓበ" ክበሎ ደሰማዑ። ስርንቐታ ዕልልታኡ ብቕድሚት ኣምሪሑን ኣወጠሑን ከኑ ኣብ ክንዲ ሓፋሽ ወከሉ፥ ደምጹ ኣብሪኹ፥ ንናጽነት ዝቆመሉ፥ "ናብዚ ክበር ልደትኪ ከኑ እንቋዕ ደሓን መጻእኪ። ምስ ጥዑም ዘመኑ ፋሉ ሽሻይ ደበኽ ኢልካ፥ ክበርቲ ከም ታቦት" እናበለ ኒታ ተሰዊራ ዝጸንሐት ናጽነት ከምበጭጭበን ከሰንቅቓን ከሎ፥ ኣብ ጸግኢ ትሕዝቶ ግጥማ ብጽሕዲ ጸገራዳ ሽላሊሙዋ ኣሎ።

መርሓብ ኣለኺ ቴሰማን ሓደን
መዲኻዕለይ ኣደ ሓበን
እተዊ ኣለኺ ግዝየ
ሽሻይ ሓጊዝለይ ጥዑም ዘመን
ናጽነተይ።

ካብቶም ቅጥንጥን ዝበለ ኅረሮ ብምውናን፥ ብዘዘርኦ ኣብ ትግባታ ሽምጢም ብኣስተንትኖ ንድሕሪት ከም ትጋልብ ተሎሚሽ ተሰሚልን ዝኮበ ጥዑማትን ተናፈቕትን ደርፍታት ዘፍረየ'ዩ። ከም በዓል "ሃገረይ ናፊቐያ" ዝኣመሰለ ደርፍታት ብምውጻእ፥ ካብቶም ንናጽነት እፎይታን ሃገርም ክርእዩ ሃቂዖ ዝበሉ ዝበሩ ደምጻውያን ደምጻዊ ታረቅ ተሰፋሂወት'ዩ። ኣብ ግዜ ናጽነት እንተኾነ ንናጽነት ኣማእኪሉ ካብ ዝደረፎን "ናጽነት መርኸብ" ትብል ዝተሰረት ግርማ ናጽነትን ካብ ዝኸና ደርፉ'ዩ። ብልሙጽን ሓይሊ ጸዋዕን ናይ'ዛ ደርፊ ደረሲ እዛ ዜማ ዝተጠቕመሉ ሓሳብን ኩርናዕን'ዩ። ንዛዕባ ድሌያን ገዕዞ ናጽነት ብዕዛ ደርማሽ መርኸብ "symbolism" ተጠቒሙ ኣሎ። መርኸብን ናጽነትን ከመሳሰለን ደርፉ። ናደዚ ቀንዲ ምኽንያት ከኑ ኣብ ዘዕምታዊ ገዕዞኣን'ዩ። መርኸብ ንባሕርን ጣሕርን ማእሰ ባሕራዊ ብደሃያታት ገዕዞኣ ዛዚማ ኣብ መዓልቦ ወደባ ክትበጽሕ እንከላ ዝርከብ እፎይታን ዓወትን ከነልጽ እንከሎ፥ ናጽነት ደማ ንጓኣ ንምርካብ ድሕሪ ክንደይ መዓትን ጸዋግ እዋንን ተሓሊፉ ክትረጋገጽ እንከላ ስለ ዘመሳሰሎ'ዩ። ብደም ሰውኣት ተጠሚዳ ደማ ብኽብሪ ናብ ማዕረፊ ወደብ ከትቅመጥ እንከላ ብሓበን ዮሳልዮና። ኣብ ገዕዞ መጸተዊኣ ደርፊ ተኾሚሩ ዘሎ ጥበብ ዘርኢ ግጥሚ ምስ እንርኢ፥

ናጽነት መርኸብ
ኣትያ ናብ ወደባ
ብደም ጀጋኑና ተኸቢባ።
ናጽነት መጽያ ናጽነት
ፍቕሪ ሓዚላ ሕውየት
ብዘይ ፈላላይ ሓደነት. . ።
መትከል ኹሪ ስመረ ጋዲሲ
ናብኣ ውሒዘ ሰላም ከደሊ
ኩሉ ከቶእሎ ብሞኸእ ፍቕሊ
ጸግዓት ንርዋታ ዋና ሓይሊ
ንጥይት ጦብ ንጹሓይ ቁሪ
ንርቃን ጥምየት ተጻዋሪ።

ዝበሉ ኣዘዮም ሰፊሕን ዓብን ትርጉም ዘለዎም ዕዮታት ሰጥበቡ ንሰለዛ ኮኾብ ጸግሐ ዝኾኑ ናጽነትና ተደሪሶምን ተሰሪሖምን እዮም።

ወዝተራፊ

ጴጥሮስ ተፈሪ

ትራጀዲያዊ ፍቅሪ ሄሮን ሊንደርን

ፍቅሪ ንዘተፈላለዩ ሰምኒታት ዝገልጽ እዩ። ዝርግርሕ ኣረኣኢያ ወይ ኣጠማምታ ኣብ መንነ ክልተ ሰብ ዝህሉ ዕምቈት ፍትወት ወይ ድሌት ሕድሕዳዊ ምርጫ ወዘተ። ፍቅሪ መሰዋእቲ የድልዮ እዩ። ሓቀኛ ናይ ክልተ ተጻመድቲ ፍቅሪ፣ እቲ ሓደ ኮቲ ሓደ ዝሓልፍ እዩ።

እሰከ ናብ'ቲ ኣብ ዓለም ተጠቀስቲ ካብ ዝኸሉት ሓደ - ክሳብ መሰዋእቲ ዝሓተተ ኣብ ጸዋታት ዓለም ብኣብሎት ካብ ዝለዓሉ ፍቅሪ - ፍቅሪ ሄሮን ሊንደርን ንርአ። ሄሮ፡ ኣብ ሰሳዩሰ ኣብ ወሸመዋ ጋለፖሊ ኣወሮጻዊት ቱርኪ ትርከብ ዋንታዊት ከተማ ኣብ ሓደ ግንብ ትነብር ነበረት። ኣቢዶስ ድማ ኣብ ፊታ ትርከብ ናይ ሊንደር ዓዲ እዩ። ዳርዳነለስ ድማ ሓንቲ ጸባብ ጉደና ኩይና ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ቱርኪ ትርከቡ ንባሕሪ ኣጀያንን ንባሕሪ ማርማራን ተራኽብ ክሳብ 61 ኪሎሜተር ንውሓት፡ 6 ኪሎሜተር ጉድጋን ዘለዋን እዩ። ሊንደር ደኣ ናብ ሄሮ ንኽበጽሕ ብኸመይ ዝ. 6 ኪሎሜተር ብኸመይ ይሰግሮ ነበረ።

ሊንደርን ሄሮን ብዕድል ምስ ተራኸቡ፡ ክልተኦም ኣብ ሕድሕዳዊ ፍቅሪ ወደቑ። የግዳስ ሄሮ ኣብ ወሽጠ ባሕሪ ኣብ ዝርከብ ግንብ እያ ትነብር። እዚ ድማ እቲ ቀዳማይ መሰናክል ኮኖም። እንተኾነ ድሌት እንተደኣ ኣሎ፣ ልቢ እንተደኣ ኣዘዘ ዘይግበር ስለዘሎ፣ ሄሮ ሓደ ነገር ተጣበበት። ሊንደር ብቕትሪ ዋላ ኑቲ ባሕሪ ሰጊሩ ክምጽእ እንተደለየ ሓለዋኣ ኣይክሕልፍዎን እየ ኮኑ። እዚ ክኸውን ስለዘይክእል ድማ ሄሮ ምሽት ምሽት ኣብ ልዕሊ ግንብኣ መብራህቲ ትውልዕ እሞ ሊንደር ድማ ነታ መብራህቲ ተኸቲሉ ኑቲ 6 ኪሎሜተር እናሓንበነ ብምሲጋር ናብኣ ይመጽእ። ብኸመዚ ድማ ተራኸበ።

እቲ ቁጸራታት ምሽት ምሽት ቀጺሉ፡ ምርኣቦን ምዕላልን ዕለታዊ ኮኑ፡ እቲ መቐረት ፍቅሪ እናጠዓመ ከደ፡ ክልተኦም ሕቑቕ በሉ። ብኸመ'ዚ ድማ ንምሉእ ክረምቲ ቀጸሉ። ሓደ መዓልቲ ኣብ ወቕቲ ሓጋይ ግና፡ ኣይግደን ሕማቕ ዕለት መጸኣ። ሊንደር ነም ቀደሙ እናሓንበነ ብምኻድ፡ ኑቲ ግንቢ ክረኽቦ ኣይኽኣለን።



እቲ ምኽንያት፡ እቲ ፈሽፈሽ ዝብል ዝበረ ንፋስ ነታ ሊንደር ወሊዓ ኣብ ልዕሊ ግንቢ ዝሰቐለታ መብራህቲ ስለዘጥፈኣ መንገዱ ሱሓተ። ኣማሲያኡ እውን ኣይመጽአንዃ። ሄሮ ምሉእ ለይቲ ብሸቖሎት እናተለለወት ክጽጸብ ሓደረት። ግና ትጽበታ ዋላ ሓደ ጸበጥቕ ነገር ክወልደላ ኣይኽኣለን። ንንግሆኡ ምድሪ ምስ በርህ፡ ብፍኒስትራ ተቐልቂላ ናብ'ቲ ንኡ ዝመጽኣሉ ኮተማዕዱ ወጸኣት'ሞ፡ ሊንደር እቲ ማዕበል ኣኻሊቡቱ ቀቲልዎ - ሞይቱ ኣብ'ቲ ባሕሪ ጸንበለል ክብል ርኣየቶ። ብድሕሪ እዚ፡ ንኻ ካቡቲ ግንቢ ብምጽንፍ ናብ'ቲ ዝሰበሮ ባሕሪ ብምእታው ጠሓለት። ኣሰር ሊንደር ሰዓበት

ባህሊ ካርኒቫል

ካርኒቫል ብፍሉይ ናይ ህዝቢ ተሳታፍነት ዘለዎ ህዝዊ ጸምብል ወይ ምርኢት ኮይኑ፣ ኣብ ጉደናታት ድማ ይጸምባል። ኣብ እዋን ጸምብል ሕብራዊ ክዳውንቲ ብምልባስን ማስኪራ ብምዓር ከም ሰርከስን ካልእን ምርኢት እናርእኻ ዝዝግበር ምርኢት ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ጉደና ተር ኣሉ ብዘተሰርዐ ቡቡመዳን ዓይኑን ብዘቐጽል ምርኢት ይምዕሪ'ሞ፡ እዚ ልምዲ እዚ ክፍልም ከሎ፣ ቅድሚ ጸመ'ርባዓ ምእታዉ ኣብ ወርሒ ሰኑይት ዝዝግበር እዩ ነይሩ። መን ቀለኡ እውን ምስ'ዚ ዝተኣሳሰሮ ይብሃል እዩ።

እቲ ሰሚ ብዘበለጸን ቀዳማይ ነም ዝዘጋዕደን ተመዝገቡ ዘሎን ነም ፈለሚ ካርኒቫል ዝፍለጥን፣ ኣብ ማእከላይ ዘመን ኣብ ኢጣልያ እዩ። እዚ ናይ ኸሲስ ካርኒቫል እዚ፣ እቲ ዝጠንተወን ንዛዊሕ እዋን ዝቐጸለን ኣብ እዋኑ ሃገንን ዘበለን እዩ ተሃሊሉ ይምሃበረሉ። ብድሕሪ እዚ ግና ነብ ኢጣልያ፣ ናብ ነም ቦዕል ሰጽኖ፣ ፕርቱጋል፣ ፍራንስ ልሒመ። ናብ ቦዕል ጀርመን፣ ሶሚኖን ደቡብን ኣመሪካን ቀጺሉ። ንመጀመርታ ግዜ ድማ ኣብ 1823 ዓለም ለኸ ካርኒቫል ኣብ ነዚን ጀርመን ተኻይዱ። ብድሕሪ እዚ ሓሊሎ ሃገራት ብፍላይ ነም ቦዕል ንዝዝዓት ዓዲ እንዝዘዝ ሄናን መልክዕ ብምልዋስ ክትግብራ ተራእያ። ሰሚ ከኣ ዳርጋ ኣብ ብዓለማ ካርኒቫል ይግበር ኣሎ።

ንኣመጻጻ ካርኒቫል ምስ እንርኢ፡ ቅድሚ ትንሳኤ ዘሎ 6 ሰሙን ጸም ስለዘኽሉ፣ እሞ ድማ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ሲጓ ጸቦን ወጸኢት ጸቦን ስለዘይብሉ ስለዘይሰተ ዝኸሉ ናይ ጓደኛ ሆይሆይታን ብቦዕል ስለዘይግበር፡ እቲ ዘለካ ነም'ዚ ናይ ሰዓረት መገዲ ኣቐዳምካ ከተህልኾ ኣሎቱ፡ ስለ'ዚ ዝ. ንምህላኽ ድማ ኣብ ድራር ጸም ገለ ቦዕል ክህሉ ኣለዎ። ኣብ'ዚ ከሉ ሕብረተሰብ ክሳተፍ ኣለዎ። እዚ ድማ እዩ ንካርኒቫል ፈጠርዎ ተሃሊሉ ዝዝመጽ።

ንፍልቀት ወይ ኣመጻጻኣ እዚ ካርኒቫል ዝብል ቃል ምስ እንርኢ፡ እውን ክልተ ሃገባዊ ምንት ኣኳ እንተሃለው፣ እቲ ሓደ ግና ናብ'ዚ ልዓሉ ዝተገልጸ ዝቐረበ ይመስል። ገለ ምህራን ንካርኒቫል ካብቲ ካርን (carne) ማለት ሲጓ ዝብል ናይ ጣልያን ቋንቋ ዝመጸኣ እዩ ዝብሉኻ፣ እንተሃለወ፣ ኣይፋሉን ካብ ካሩሰ (carrus/car) መኪና፣ ዝብል እዩ መጺኡ ኣሉም ዝምጉቱ ኣይተኣኣኑን። የጉዳስ ክትርእዮ ከሎኻ፣ ምስ'ቲ ኣመጻጻኣ እዚ ልምዲ እዚ ኣመንቲ ክርስትና ኣብ ድራር ጸም ዘብዕልዎ ምንርምም ዝገለጽ ይመስል ናብቲ ካርን ሲጓ ዝብል እውን ይቐርቡ።

ነዚ ዝኸውን ካልእ መራጉዲ እውን ኣይሰኣናን። ንሱ ድማ ካርን ለቫረ (carne levare - ሲጓ ኣርሕቐኑ ካርን ሰለ'ዚ ነዚ ንምህላኽ ድማ ኣብ ድራር ጸም ገለ ቦዕል ክህሉ ኣለዎ። ኣብ'ዚ ከሉ ሕብረተሰብ ክሳተፍ ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ ትቕመጠላ ከተማ ካርኒቫል ይቐየድ ነበረ'ሞ ሓሊሎ ቁልዑ ኣብኡ ክሳተፉ መዋጽኢ ክዳውንቶም ቀያይሮም ይኸዱ ነበሩ። እታ ኣደ ሓደ ወዲ ነበሩ። እቲ ወዳ እውን ክሳተፍ ሀንጡይ ነበረ። ምስ መኩኡ ዝኸውስ ነም ናታቶም ዝኣመሳሰለ ክዳን ግና ኣይነበሮን። ኣደኡ ከይትገዝኦሉ ሰጊንቲ እዩ። ከይተትርፍ፣ ድሌቱ ትርእዮ ነበረት። ስለዚ ከሉ ግድን ከኖ'ሞ ሓሳብ ሓሳብ ኑቲ ወዳ ካብ ተኻተፍ ካብ ሓሊሎ ዝኣረገ ሕብራውያን ክዳውንታ ቀቀዲዳ ዝተሊጋገበ ክዳን ሰፍያ ሰደደቶ። እቲ ቁልዓ ቡቲ ክዳኑ ሕፍረት ኣኳ እንተተሰመየ፣ እቲ ናይ ምስታፍ ድሌቱ ዝያዳ ዝዓዘለ ስለዘበረ ግና፡ ዓይኑ ዓሚቱ ከደ። ኣብኡ ምስ በጽሐ ድማ ዘበርም እዩ ነገር ብዋልዋዋ ዝተሰፍሐ ኮይኑ። ናይ ከሉም ተኻተፍቲ ኣዒንቲ ብቅንኢ ኣብኡ ወዲቖኑ። እቲ ዝምዕረፈን ኑቲ ካርኒቫል ማዕርግ ዝሃበን ንኡ ነይሩ። ብ'ዚ ድማ እዩ ኣብ ካርኒቫል ሕብራዊ ክዳን ምኽዳን ዝሬሶመ ይብሃል።

ካርኒቫል ሰሚ ኣብ ሓሊሎ ሃገራት ብምዕራግ ኣጋብ ይትግበር እዩ። ኣብ ሃገርና እውን ካርኒቫል ኣብ ቅነ መዓልቲ ናጽኑት ኣኳል እቲ ቦዕል ብምኻን ይካይድ እዩ። እቲ ዘሐንሰ ድማ ዘይ ነም ኣብዓዕላ ልደትን መዓልቲ ፍቕሪራት ንዝሎ ሓሊሸ ዓመት ኣብ ሃገርና፣ ነቲ ሰመን ተግባርን ካርኒቫል ጥራይ ርኢሙ፣ መንፈሱን ምስሉን ናብና ብምምጽኣ ይስራሕሉ ምኻኑ እዩ። እዚ ድማ ክድፈኦሉን ዝያዳ ክሳፍሕን ዘለዎ ጸበጥቕ መንገዲ እዩ።

'ቲቲ' እታ ደቃ'ቕ ህበይ

ቲቲ ዝብል መጸውዒ፡ ኣብ ሃገርና ዝ. ትዕገስቲ ዝብል ሰም ኣሕጽር ኣብልካ ንመቀባጠሪ ዝዘሃል እዩ። ኣብ ሃገራት ሳቲን ኣመሪካ ብፍላይ ካብ ከሎምብያ ክሳብ ብራዝልን ፔሩን ከምኡ'ውን ሶሜናዊ ኣራንጋይ ግና፡ ሰም ናይ ሓንቲ ዓሌት ህበይ እዩ። ህበይ ብህበያ ድማ ካብዞን ዝደቐቕ ዓሌት።

እዚ ካብ ኣባል ካሲስና ዝዘሃላ ዓሌት ህበይ እታ እኽ ክሳብ ሕጂ ብህይወት ዘላ ዓሌት፡ ካብዞን ዝደቐቕ እዩ። ካብ መጻኑራ ክሳብ ርኢሳ ካብ 23 ክሳብ 46 ሰንቲ ሜተር ክትነውን እንከሎ፣ ምስ'ዚ ግዙፍ ኣካላ እዚ ርኢ'ኻ ጭራኣ ይነውሕ። ንበይኑ ካብ 26 ክሳብ 56 ሰንቲ ሜተር ንውሓት ኣለዎ።

ኣብ መንነ እዞን ተመሳሳልቲ ዓሌት፡ እዚ ህበይ እዚኣ ናይ ሕብሪ ፍልልይ ደኣ'ምባር፡ ኣብ ኣካላዊ ቅርጺኣ ባህሪን ዝኸነ ፍልልይ የብለንን። ሃዊሕን ለሳሳለን ጸጉሪ ይውንኑ። ቀያሕታይ፡ በናዊ ሓሙኽሽታይ ወይ ጸለም ሕብሪ ክህልወን እንኽሎ፡ ብታሕተዋይ ሽኒኽ ኣካለን ግና፡ ዘይክም ላዕለዋይ ሽኒኽ ነዋዚ ኩብዲ ኣድጊ ብርህ ዝበለ እዩ። ኣብ ገለ ገለ ዓሌት ድማ ኣብ ኣራኣሰን ብኣንጻር እቲ ዘለወን ሕብሪ ጸለም ወይ ጸዕዳ ሕብሪ ይሕወሱ። ጫፕራኣን ወትሩ ጨጋር እዩ። ዘይክም ናይ ካልኦት ኣህባይ ድማ ገረብ ዓትዲቱ ኣብ ምሓዝ ኣይግድን እዩ።

እንተኾኑ ካብ ገረብ ናብ ገረብ እናጠበሩ መገበን ነዋእርራን ካብ ጸላእቲን ክዘድማን ኣይጸንሑን ውሓለሉ እኳ ደኣ፡ ብስድራቤት ተጠርኒፈን እዮን ዝሕበሩ። ኣብ ሓንቲ ስድራ ካብ ሰብኣይን ሰበይቲን ጀሚርካ ካብ 2 ክሳብ 7 ብምኳን ይንቀሳቐሱ።

ሰይቲ ደቂሳን እዮን ዝሓድሩ፡ ቀትሪ ኣብ ፍርቂ መዓልቲ እውን ቀም የብላ እዮ፡ ዝተፈላለዩ ኣቐጽልቲ ፍረታት ቢርኳ ዕምባታትን ሰሩ መርን ዝምገባ'ኳ እንተኾኑ፡ ነም ሓሸራ እንቋቐሑ ጨራሩን ንኣሽቱ ለመምቲ እውን ኣይሓድጋ። ምወላድ ኣካል ህይወተን እዩ። ድሕሪ ናይ ሓመሽቱ ወርሒ ናይ ምልኡ እዋን ሓደ ይወልዱ። ማንታ ሳሕቲ ዝረአ'ኳ እንተኾኑ እቲ ሓደ ወላድ ዝርዕሙዎ ካልኦት ጉጅለ እንተዘይ ረኺቡ ኣይዓብሮ። ድሕሪ ምወላድ ምንባይ እቲ ዕሽል ንኣቦ እዩ ዝምልከት። ንኽጠቡ ጥራይ እዩ ናብ ኣደኡ ዝወሰዶ። ኣዘን ንክትርእዮን ደስ ዝብላ ኣህባይ ሕያዋት እዮ።

ጸሓይን ወርሒን

እዛ ጹሓይ ኣቢት እቲ ዕድላ
ምኑብ እግባር ምኽላእ ዘሎኽእላ
እዛ ወርሒ
ኢዳ ዘይትሰሕሎ
ተተለቂሓ ክትህብ
ፍጹም ዘይትርብርብ
ይህሉዶ ሰብ
ሃቡ ሃብ ዘይብል
ሎሚኡ ዝዘኻሩቡ፡



ሓሳባት

ጽባሕካ'ያ ጽባሕ

እቲ ብዙሕ ዝስከም፡ ብዙሕ ይፈኸሶ። እቲ ውሑድ ዝስከም ከኣ፡ ውሑድ ሩፍታ ይረክብ። እቲ ካብ ጾር ዝሃድም ግን፡ ወትሩ ክስከሞ ዘለዎ ጾር ይጽበዮ - እናተሰከፈ ኸኣ ይነብር። ብመጠን ዝተሰከምካዮ እዩ ዝፈኸሶካ።

"ብመጠን እቲ ሎሚ እትሰከሞ ደንጎላ እዩ፡ ጽባሕ ወርቂ ዝወሃበካ" እንተዝበሃልሲ፡ ዕጥይጥይ ዝብልዶ ኾን ምተረኽበ? እቲ ዕጥይጥይ ዝለመደ ደኣ፡ ወርቂ ክትወሃብ ኢኻ በሎ ዋላ ኣልማዝ፡ ካበይ ብዘጥረዮ ወኒ እዩ'ሞ ህርኩት ክኸውን!? እምበር እቲ ባህሊ ስራሕን ንስለ ካልኦት ናይ ምብጃው ኒሕን ዘለዎ ደኣ፡ ብዛዕባ ውልቃዊ ዓሰቡ ከይሓሰበ'ንድዩ፡ ንስለ ሓፋሽ ደሙን ርሃጹን ከይበቐቐ ዝውፈ። ግን ከኣ'ኳ ይደመጽ ኣይደመጽ እታ እተልምዓን እትብጀወላን መሬት እትኣትዎ ቃል ኣለዋ። ብመጠን ዝሰገርካዮ እሾኽ እያ ዕምባባ እትህቦካ። ብመጠን ዝተጻወርካዮ ጽምኢ'ያ፡ ጽሩይ ማይ እተቐብለካ። ብመንጽር ዝተጸመምካዮ እያ ዕረፍቲ ትእዝዘልካ።

ንስኻ ደኣ'ሞ፡ ጉልበት ንዘድልዮ፡ እጅገኻ ሰብሱብ። ንቐሓት ንዘድልዮ፡ ውዳበኻ ሰፊሕ። ሓሞት ንዘድልዮ፡ መዓንጣኻ ሕጹብ። ክንደይ ዓረ ድዩ ብጽንዓትካ ተነዲሉ። ክንደይ መንሽታሕትሖ ድዩ ብጉልበትካ ተደላዲሉ። ክንደይ ጫውጫውታታት ድዩ ብንቐሓትካ ፈሺሉ። ክንደይ ቶግ ቶሮግ ድዩ ብሓሞትካ ዘፍ ኢሉ። ንስኻ ደኣ'ሞ፡ "ድቃስ ኣብ ትርፊ ግዜ ይኹነልካ" እንተኢሉካ ኮነታት፣ ንሰለምሲ ይትረፍ፡ ንቋሕ-ሰም ትገድፎ። ርሃጽካ ንላዕሊ ዓሪጉ፡ ዝናብ ኣውሪዱ ዝወልዶ ልምዓት፡ ጽባሕ ንዓኻ'ዩ። ድምቀት ምስሊ ጽባሕና እንሆ ይርኣ'ሞ፡ ጽባሕ ጽባሕካ'ያ - መንእሰይ ሎሚ።

ጽባሕ ንዘውደልደለን ንዘደልደለን ብማዕረ እትብጽሖም መዓልቲ ኣይኮነትን። ጽባሕ ናይ'ቲ ሎሚ ዝጸንዐን ዝተጸመመን'ያ። ጽባሕ ናይ'ቲ ሎሚ ዝርሃጸን ጉልበቱን ኣእምሮኡን ዘይበቐቐን'ያ። እዚ ደኣ'ሞ ልዕሌኻ መን ይኽእሎ!? ንስኻ ዝተዓገስካዮ መን ይዕገሶ። ንስኻ ዝተጸመምካዮ መን ይኽእሎ። ንስኻ ንስለ ሓፋሽ ዝተሰከምካዮ ጾር መን ይስከሞ። ጽባሕ - እዛ ቀረባ ጽባሕ - ብርሃጽ ዝፈረየ ፍረን ብንቐሓት ዝብርበር ጎጎን ሒዛ እንሆ ኣብ ኣፋፈት በጺሓ፡ ጽባሕ ናትካ ጽባሕ'ያ።

እቲ ምእንቲ ሓፋሽ እትጽመሞ'ኳ ምእንቲ ነብስኻ'ዩ - ጽባሕ ንዓኻ'ንድዩ እቲ ዕግበት። እቲ ንስለ ሃገር ጋሕጋሕ እትወፍሮ'ኳ ምእንቲ ነብስኻ'ዩ - ናትካ'ንድያ እዛ ሃገር። እቲ ምንታይ ሰለም ከየበልካ ዘውጋሕካዮ'ኳ ምእንቲ ነብስኻ'ዩ - ሓውኻ'ንድየ ኣነ። ጽባሕ፡ እታ ኩልና ድምቀታ ኣወናዊኑና ዘሎ ጽባሕ'ኳ፡ ንዓኻ ኣሚንና ኢና - ንዓኻ ንሸባብ። ጽባሕ፡ ናትካን ናይ'ቶም ምእንታኦም ተኣምር ዝሰራሕካሎም ሓፋሽን እያ። ጽባሕና ኣብ ናትካ ሎሚ'ዩ ዝምርኮስ'ሞ፡ ጽባሕ ናትካ ጽባሕ'ያ።

ንምንታይ ዲና ሕልምና ክትርጉምልና ኢልና ናብ ፈታሕቲ ሕልሚ ዘይንኸይድ? ሕልምና ንስኻ ከምተግህዶ፡ ብዘይካኻ'ውን ምስጢሩ ዘንብቦ ስለዘየለ እኳ ኢና፡ እምነትና ኣባኻ ነንብሮ። ንምንታይ ዲና ብኹሉ መኣዝን ንዝፍነወ ናይ ጎዶቦ ድምጽታት እዝንና ንለኮ - ድምጽና ብድምጽኻ ከምእንሰምዖ ስለዘረጋገጽና እኳ ኢና። ንምንታይ ዲና ብዘዝመጽኡ "ሓደስቲ ኣረግቶት" ምጉብዕብዓት ዘይንሰናበድ - ቀዲምካ ከምእትነቕሓሉ ስለንኣምን እኳ ኢና። ብተግባር ከኣ ተርእየና'ለኻ ጋህዲ ሕልምታትና። ብተግባር ከኣ ተርእየና'ለኻ ትግባረ ሕሹኽታ ውሽዋና። ብተግባር ከኣ ተርእየና'ለኻ ... ። እምበር ክንደይ ዕቁባት ተተኣኪበን "ተገፋዕ፡ ተገዘት" ዘይበላ። ክንደይ ዓባሳት ድምጺ ክውጭጫ ዘይፈተና። ንስኻ ግን ሕልምኻን ውዕሎኻን ባዕልኻ ስለ ትፈልጦ፡ ብመንባሕቲ ጎራፋት ኣሰናን ረምታ ስጉምኻ ኣይዘረግካን። ርግኣት ሎሚ ናይ ትማል ዓቕልኻ ዝወለዶ እዩ'ሞ፣ ፍረ ጽባሕ ድማ ፍረኻን ንዓኻን እዩ።

ስለምንታይ ዲና ጾር ከይኩብደኻ ዘይንሻቐለልካ? ዝዘለልካዮ ሰልምን ዝነደልካዮ ከውሕን እኳ'ዩ፡ ኣባኻ ንዝለና እምነት መመሊሱ ዝውሰኽ። ስለምንታይ ዲና ጉዕዞ ነዊሕካ "ኣላሽ" ከይትብል ዘይተጠራጠርና - ኒሕካ ኣብ ውዕሎኻ ስለ ዝርኣናዮ እኳ ኢና። ሕጂ'ውን ኣብ ቅድሚኻ ንዘሎ ናይ ህንጸትን ምዕባለን ጾር ናባኻ ኢና ከነብሎ'ሞ፣ ጽባሕ ናትካ ምኳና ኣሚንኻ ከም ቀደምካ ጾርና ተሰከሞ። ጽባሕ ጽባሕካ'ያ።

ዓለም'ኳ ብዘይካ'ቶም ዘስካሕክሑ መከራታታ፡ መስመርካ ዘስሕቱ ዘብለጭልጩ ነገራት ቀሪባ'ውን ትጽወዓካ'ያ። ኣብ ኢድካ ዘሎ እምኒ፡ ወርቂ ከምዘውጽእ ኣሚንካ እንተዘይጸኒዕካ ድማ፡ ናብ'ቶም ዘብለጽልጩ ምስ ከድካ፡ ሕዝ ከተብሎም ዝሃሱ ኮይኖም ይጸንሑኻ'ሞ፡ እምኒ ደንበኻ ትናፍቕ። እንተዘይጸኒዕካ ደኣ'ሞ፡ ሕልምታትካ ምእንቲ ከይተግህድ፡ ንኪፍኪፍታ ከም ኣይሂ እናምሰሉ፡ "ጽላል ኣለና፡ ንዓ ናብ'ዚ ተዓቐብ" እናበሉ ዝጽውዑ መስሃትያን ፈቐድኡ'ንድዮም ከጋግዩኻ። ብቐሊሉ ትሰናበድ እንተኾንካ ደኣ'ሞ፡ ክንደይ ጎራፋት ኣሰናን'ንድዮም ብቐድሚኻን ብድሕሬኻን እናነብሉ ስጉምኻ ክኾላልፍዎ። ትዕግስትን ጽንዓትን ግን፡ ብነድሪ ንዘጓዝም ኣንበሳ'ውን ሃዲኡ ከምዝድቅስ ክገብርዎ ይኽእሉ። ብተሃዲድ ንዝግዕር ድማ፡ ናብ ገደል የምርሕዎ። ነዚ ኣጸቢቕካ ሳላ ዝነቓሕካሉ'ንዲኻ፣ ብምዝባዕ ክራማት'ውን ከይተሰናበድካ፡ ባዕልኻ ክረምትኻ ትፈጥር ዘለኻ። እታ ብጽንዓትካ እትፍጠር ጽባሕ፡ ብርግጽ ናትካ'ያ።

ንመን ሒዝና ዲና፡ ዝጽበየና ጉዕዞ ነዊሕን ኩርኳሕ ዝበዝሖን ምስ ዝኸውን፡ ሽዳና እናልሓምና ደኣ ስንና ነኺስና ንኸዶ'ምበር፡ ሰርገላ ካልኦት ከነማዕዱ ንድሕሪት ግልጽ ዘይብል? ንመን ሒዝና ዲና፡ ንፋስ ጸጥ ኢሉ እኽልን ሓሰርን ክፈልስ ይትረፍ፡ ቅርኒብ ዘየልዕል ኣብ ዝኾነሉ'ውን፣ "ኡፍ!" እናበልና ብእስትንፋስና ዓውድና ነኺዶ'ምበር፡ ተስፋ ቀሪጽና መስአና ዘይንሰንዱ? ነገር ባህሪ ክራማት ከምዝዝንግዕ ስለ እንፈልዋ ድማ፡ "በዚ እነህለት ሓንቲ፡ በቲ ከኣ ናብኣ ገጻ ትድመር ኣላ" እናበልና ቁንጣሮ ደመናታት ካብ ምቑጻር፡ ኣቐዲምና ኣኻውሕ ፈንቂልና ክረምትና ንፈጥር። ንዓኻ ሒዝና እንታይ ተኣምራትክ ዘይንብር።

ንሕና ደኣ'ሞ፡ ኣይኮነን ንጥምየት ንጽጋብ ንጻወር ህዝቢ'ንዲና። ብጽጋብ ሽብዳዕዳ ዝብሉ፡ ብምቾት ትዕቢት ዝውንዘፉ እንተርኣና'ውን፡ ብእኦም ከይተጸለና፡ ንራህዋና ብ"ተመስገን" ጥራይ ኢና ንገልጾ። ብኣንጻሩ እንተኾነ'ውን፡ ብራእይ ጽባሕ ደኣ ንንስዕ'ምበር፡ ብናይ እለቱ ሰንከልከል ኩብድና እናሓኸኽና ኣብ ቅድሚ ሓላፍ መንገዲ ኣይነንባሁቕን። ካብ'ዚ ሓፋሽ'ዚ ዝተወለድካ ሽባብ ደኣ'ሞ፡ መን ምስ መሃረካ ቁልፍኻ ክዘልቕ።

ኣብ'ዚ ሎሚ ስነ ኣእምሮኣዊ ኩናት፡ ከም መሪሕ ኩሉ ዓይነት ኩናት ኮይኑ ብኹሉ ኩርንዓት ጫውጫውታታት ዝፍነወሉ ዘሎ ግዜ፡ መምስ ዝነፈሰ ንፋሳት ንኸይትውንጨፍ ምጽማም የድሊ። ንእዝንኻ ዘስብሑ ወረታት፡ ካብ መስመርካ ኣውጺኦም ከም ገፈል ምስ ፍሽ ዘዝበለት ንፋስ ካብን ናብን ከከላብቱኻን መስመርካ ከስሕቱን ልዑል ሓይሊ'ለዎም። ግሩህ ወይ ዓቕሊ ዘጉደሎ እንተረኺቦም ድማ፡ ንዕኡ'ዮም ቀዳማይ ተሃዳናይ ዝገብርዎ። ነቲ ጽኑዕ ግን ዋላ'ውን ክንዲ ዝሓየሉ እንተሓየሉ፡ ካብ ሓዲዱ ምንቕ ኩብልዎ ኣይክእሉን። እቲ ጽኑዕ ጥራይ ድማ'ዩ ናብ ዝተበገሰሉ ዕላማ ዝበጽሕ። ጽባሕ ድማ ፍረ ጽንዓትካ እያ'ሞ፡ ጽባሕ ጽባሕካ'ያ - ግን ከኣ ጽባሕ'ውን ካልእ ጽንዓት የድልያ'ሎ። ጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት!

ካብ ሰኑዳት መጽሔት መንእሰይ



ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

መደብ ጸወታ
ሎሚ
ግጥም ካልኣይ እግሪ ፍርቂ ፍጻመ ዩሮፓ ሊግ
ቸልሲ- ኢንት. ፍራንክፈርት 10:00
ኣብ ቀዳማይ እግሪ 1ብ1 ተፈላልየን

ቫለንሲያ - ኣርሰናል 10:00
ኣብ ቀዳማይ እግሪ ኣርሰናል 3ብ1 ተዓዊታ

ግጥማት ዋንጫ ናጽነት ደቂ ኣንስትዮ ኩዕሶ እግሪ ክቕጽል'ዩ

ብቕዳም ዝጀመረ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ንዋንጫ ናጽነት ሎሚ ሓሙስ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ብደሆ ምስ ጎደይፍ፡ ሰማብል ምስ ደንደን ከምኡ ድማ ኢንሹራንስ ምስ በሮኽ ብዝካየዳኦ ጸወታታት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክቕጸል እዩ።

ብቕዳም ኣብ ዝተኻየደ ጸወታታት፡ ደንደን ንጎደይፍ 3ብ1 ከምኡ ድማ ኢንሹራስ ንጀረት 2ብ1 ተዓዊተናለን።

ፈላሚ ግጥም ዙሩ ጋንታታት ደንደንን ጎደይፍን እየን። ጎደይፍ ኣብ ሓሙሻይ ደቒቕ ብመገዲ ሳሮን ጎይትኦም፡ ደንደን ድማ ኣብ መበል 23 ደቒቕ ሳሮን ኣብርሃም ብዘመዝገበቶ ሸቶ ናብ ዕረፍቲ 1ብ1 ብዝኾነ ወጽኢት ኣምሪሐን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ደንደን ንጎደይፍ ብምድፋእ ኣብ መበል 47ን 57ን ደቓይቕ ካብ ዳናይት ሰለሞንን ሄርሞን እዮብን ብዝረኸበተን ሸቶታት 3ብ1 ተዓዊታ።

ቀጺሉን ዝነበረ ጀረት፡ ምስ ታ ብምኩራት ተጻወትቲ ካብ እትምስረት ክልተ ኣዋርሕ ኣቑጺራ እትርከብ ኢንሹራንስ እያ።

ኢንሹራንስ ኣብ መበል 21 ደቒቕ ካብ ፍርትላዊት ተወልደ ብልጽቲ ሸቶ ኣመዝጊባ፡ ጀረት ድማ ኣብ መበል 43 ደቒቕ ብሚላት መድሃኔ ብዘመዝገበታ ሸቶ ምስ ኢንሹራንስ 1ብ1 ንዕረፍቲ ኣምሪሐ።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኢንሹራንስ ኣብ መበል 67 ደቒቕ ፍጹም ቕላዕ ረኺባ ብመገዲ ልዋም ሰለሙን ኣመዝጊባታ። በዚ ድማ ኢንሹራንስ 2ብ1 ተዓዊታ ካብ ሜዳ ወጺኣ።

ውድድር ፍርቂ ማራቶን ተኻዪዱ

ብምኽንያት መበል 28 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ኣብ ከተማ ከረን ኣብ መንጎ ክፍልታት እዚ'ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ተኻዪዱ። ሓጎስ ኪዳ ካብ ጋንታ ደዓሮት ብምዕዋቱ ድማ 4 ሽሕ ናቕፋ ክሽለም እንከሎ፡ ተኽለወይኒ ገብረኣሊፍ ካብ ጋንታ ሓፈርን ዳንኤል የውሃንስ ካብ ሳልምባ ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ብምውጽኦም 3500 ከምኡ ድማ 3000 ናቕፋ ተሸሊሞም።

ዓብዱራሕማን ጣህር ካብ ናቕፋ፡ ኣምባሳደር ኣማን ካብ መጋርሕ፡ ሃብቶም ማሕረይ ካብ ሓፈር፡ ቅዱስ የውሃንስ ካብ ሳልምባ፡ ሳልሕ ሽፉ ካብ ሳልምባ፡ ፈረጅ ሱሌማን ካብ ዛግራ ከምኡ ድማ ኢብራሂም ዐሶማን ካብ ራብዓይ ክሳብ ዓስራይ ብምውጽኦም ከከም ደረጃኦም ገንዘባዊ ሽልማት ወሲዶም።

ድሕሪ 'ተኣምራታዊት' ሜዳ ኣንፊልድ . . .

ኣብ ሜዳ ኖ ካምፕ ብዓወት ባርሴሎና 'ተዛዚሙ' ዝተባህለ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ቻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ክለባት ሊቨርፑልን ባርሴሎናን ብቕድሚ ትማሊ ድራማዊ ሰናርዮታት ሓዚ ብዓወት ሊቨርፑል ተዛዚሙ። ኣብ ግጥም ቀዳማይ እግሪ 3ብ0 ዝተሳዕረት ሊቨርፑል፡ ንመሓመድ ሳላሕን ፈርሚኖን ንዘኣማስሉ ከዋኽብቱ ከሰራ ከንሱ ኣብ ሜዳኣ ኣንፊልድ ብክልተ ሸቶታት ኦርጊንን ዊኒያልደምን ተሓጊዙ ሕርሕራይ ገዲራ ንባርሴሎና ብምቕጻዓ ክድገም ዘይክእል ታሪኽ ሰሪዓ ንኻልኣይ ግዜኣ ናብ ግጥም ፍጻመ ሓሊፋ ኣላ። ንገለ ነጥብታት ምስ እንጠቕስ–



+ ዩ ዊል ነቨር ዎክ ኣሎን ትብል መዝሙር ሊቨርፑላውያን ንመትኪ ተጻወትቶም ኣብ ዘቓቕሓትሉ ምሽት፡ ወዲ 14 ዓመት ኩዕሶ መላሲ ሜዳ ኣንፊልድ–ኦክለይ ካኖሬ ናይ መኣዝን ቅልዕ ንምህራም ንዘተቐረበ ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ ብቕልጡፍ ኩዕሶ ምሃቡን ኣርኖልድ ድማ ንዘተታኸሰ ማስመር ምክልኻል ባርሴሎና የዕዘዙ ናብ ኦርጊ ብምብጻሕ ዝተመዝገበት ሸቶ፡ ንሶም ናይቲ መላሲ ኩዕሶ ኣብ ታሪኽዚ ዓወት ብኻልእ መዳይ ከስፍር ክኢሉ ኣሎ። ብደገፍቲ ሊቨርፑል ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝተወደሰ እዚ ወዲ 14 ዓመት መላሲ ኩዕሶ ንግጥም ፍጻመ ክዕዘብ ትኬት ክዋሃቦ ከምዝለዎ ገለ ደገፍቲ ርእይቶኦም ደሂቦ።

+ ኣብ ሜዳ ኣንፊልድ 17 ግዜ ኩዕሶ ዝተመንጠለ ሰያጌል ማሲ፡ ካብ መዕርፎ ነፈርቲ ሊቨርፑል ብዝለዓሉ ደገፍቲ ክለቡ ከዩሓረም ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ሓለዋ ናብ ሜዳ ኖ ካምፕ ተመሊሱ።

+ ኣብ ግጥም ቀዳማይ እግሪ ንማሲ ንምሕጻጽ ቃላት ከምዝሓደሮ ዝሓበረ ሞሪኖ፡ "ተጻወትቲ ባርሴሎና ኣብ ሆቴል ኣንፊልድ ደቂሶም" ክብል ተዛሪቡ።

+ ሓያል ተንተንቲ ንውድቀት ባርሴሎና ኣብ ዝተንተኑሉ ካብ ዝዘርዘርዎ ነጥብታት፡ ኣሰልጣኒ ባርሴሎና ኤርነስቶ ቫልቨርዴ ንቕዳሞት ተሰለፍቲ ግጥም ቀዳማይ እግሪ ኣብ ካልኣይ ምድጋሙ፡ ዘይምህላው ደምበለ ምስ ወዲ ምስኣን ካውቲኖ ተወሲኹዎ ኣብ ቅድሚት ሃጓፍ ምንዃሩ፡ ኣሰልጣኒ ቫልቨርደ ዘይደልዮ ቅያር ተጻወትቲ ኣድማዒ ዘይምንባሩን ካልእን ይጥቀሱ።

+ ዝኾነ ኮይኑ፡ ድሕሪ 2013፡ ንፈለማ እዋን ማሲ ወይ እውን ሮናልዶ ዘይብሉ ግጥም ፍጻመ ቻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ክንርኢ ኢና።

ክልተ ዋንጫ ንመዘዘሚ ጸወታታት ፕሪመር ሊግ ዓዲ እንግሊዝ ተቐሪቡ

ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ ጸባሕ ሰንበት ኣብ ዝፍጸም ውድድር ፕሪመር ሊግ ክልተ ተመሳሳሊት ዋንጫን 40 መዳልያታትን ከምዘቕረበ ኣፍሊጡ።

ኣብዚ ውድድርዚ ትምርሓ ዘለዋ ማን ሲቲ ኣብ ሜዳ ኣሜክስ ተጻዊዛ ምስ ብራይተን ኣብ እትካየዶ ግጥም፡ ብቐጥታ ኒታ ዋንጫ ከተልዕላ እያ። እግሪ እግሪ ትስዕብ ዘላ ድሕሪ 29 ዓመታት ክኣ ቻምፕዮን ንምዃን ትመጣጠር ምህላዋ እትፍለጥ ሊቨርፑል፡ ንዎልቭስ ደሪኻ ማን ሲቲ ድማ ምስ እትሰዓረላ ኒታ ካልኣይቲ ቅዳሕ ዋንጫ ኣብ ሜዳኣ ኣንፊልድ ከተልዕላ እያ። ኣብ ካልእ ውድድር፡ ዋንጫ ዕወትቲ ጋንታ ናብ እትርከበሉ ስታድዩም ብሄሊኮፕተር ከምዝበጽሕ ይፍለጥ።

ኣብ 37 ጸወታታት፡ ማን ሲቲ 95 ነጥቢ ኣዋህሊላ ኣላ። ሊቨርፑል ድማ ብ94 ነጥቢ ትስዕባ። ሲቲ ኣብ ልዕሊ እታ 65 ጸብለልታ ሸቶ ዘለዋ ሊቨርፑል ብኣርባዕተ ሸቶታት ማሕዴጋ ትርከብ።

** ** **

እንታይ ከ ይበሃል ኣሎ?

+ ኣብዚ ዓመት ስፖርትዚ ትሑት ብቕዓት የርኢ ዘሎ ተጻዋታይ ክለብ ማን ዩናይትድ - ማርሻል፡ ኣብ ክረምቲ ካብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ከምዝወጽእ ኣሰልጣኒ ክለቡ ኦሌ ጉናር ሶልሻየር ኣፍሊጡ። ዝሓለፈ ጥሪ ሰሙናዊ መሃያኡ ናብ 175,000 ፓውንድ ዝበረኸ ማርሻል፡ ኣብዚ ዓመተስፖርትዚ ካብ ዝተሰለፈን 37 ጸወታታት 12 ሸቶታት ጥራይ እዩ ኣመዝጊቡ። ሶልሻየር፡ ማርሻል ዕቑር ዓቕሚ ከምዘለዎ ብምጥቃስ "ግዜ ክወሃቦ ኣለዎ" ክብል ተዛሪቡ። ኣብ 173 ጸወታታት ማን ዩናይትድ 48 ሸቶታት ከበርክት ዝኸኣለ ማርሻል፡ ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ሞሪኖ ናይ ምስላፍ ዕድል ከምዝሰኣነን ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018 ከኣ ብፈረንሳ ዘይምምራጹን ይዝከር።

+ ኔይማር ካብ ፒኤስጂ ወጺኡ ናብ ሪያል ማድሪድ እንተደኣ ኣቕኒዑ፡ ፒኤስጂ ንጀምስ ሮድሪገዝ ብኣንጻራዊ መገዲ ኣብ ሕቑፎኣ ከተእትዎ ከምእትደሊ ኣፍሊጣ። ኔይማር ካብ ፒኤስጂ ወጺኡ ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር እንተ እትዕድጎ ክለብ እንተውሓደ 300 ሚልዮን ፓውንድ መፋነዊ ክትከፍሎ ትግደድ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ፒኤስጂ 515,000 ፓውንድ ሰሙናዊ መሃያ ዝቕበል ኔይማር፡ ዋጋኡ ልዑል ምዃኑ ይፍለጥ። እዚ ናይ ምስግጋር መስርሕ ክትግበር ዘለዎ ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት ምዃኑ እኳ እንተተሓበረ፡ ሪያል ማድሪድ ኣብ ክረምቲ መሰርዓ ንምድልዳል ልዑል ወፍሪ ክትገብር ብምምዃባ ንኔይማር ከተጣይቖሉ ከምእትኽእል ይንገር። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ባየር ሙኒክ ብመልክዕ ልቓሕ ይጻወት ዘሎ ሮድሪገዝ፡ ምስታ ጀርመናዊት ክለብ ክጸንሕ ከምዘይደሊን ኣብ በርናቡ ድማ ቦታ ከምዘይብሉን ይሕበር።

+ ኢጣልያዊ ኣሰልጣኒ ኣንቶንዮ ኮንተ፡ ንክለብ ኢንተርሚላን ክኣሊ ኣፈናዊ ስምምዕ ምኽያዱ ተሓቢሩ። ብመሰረት ጋዜጣ ቱቶስፖርት፡ ኮንተ ዝመጽእ ሰነ ክታሙ ከምዝገብር ትገልጽ።

+ ተጻዋታይ ክለብ ፒኤስጂ - ቲያጎ ሰልቫ፡ ኣብ ብርኩ መብጣሕቲ ድሕሪ ምኽያዱ ንኽልተ ጸወታታት ከምዘኻኩር ተፈሊጡ። በዚ ድማ ሰልቫ ኣብዚ ዓመት ስፖርትዚ ኩዕሶ ኣይክቕልዕን እዩ ማለት።

ቅነ ተማሃሮ ዞባ ደቡብ ተዛዚሙ

ባህላውን ስፖርታውን ውድድራት ዘጠቓለለ ቅነ ፈስቲቫል ተማሃሮ ዞባ ደቡብ ካብ 3 ክሳብ 5 ግንቦት ኣብ ከተማ መንደፈራ ተቓጺዑ።

እዚ ኣሰታት 900 ተማሃሮ ዘሳተፈ ቅነ ተማሃሮ፡ ኣብ ውድድራት ስፖርት5ት ኩዕሶ እግሪ ናይ ክሊ ዕድመ 12-13 ኣብ ካልኣይ ደረጃን ኩዕሶ መርበብን ሰኪዔት ድማ ናይ 2ይ ደረጃ ዝተሳተፍዎ ነይሩ።

12 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ኣርባዕተ ምድብ ተመዲበን ኣብ ዝካየዳኦ ውድድር፡ ኣብ ኩዕሶ መርበብ 2ይ ደረጃ ደቂ ኣንስትዮ፡ ዓረዛ፡ ኩዳብዑር (እምኒ ሓይሊ)ን እምት ሚሰየን (ደቀምሓረ)ን ቀዳሞት ሰለስተ ኮይነን። ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ዓዲ-ኳላ፡ ኩዳብዑር (እምኒ ሓይሊ)ን ዓዲ-ኳላ ተመሳሳሊ ደረጃ ሓዚን።

ኣብ ውድድር ኩዕሶ ሰኪዔት ደቂ ኣንስትዮ ዓዲ ወግሪ (መንደፈራ)፡ ደቀምሓረን ዓዲ-ቐይሕን ከምኡ ድማ ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ዓዲ-ወግሪ (መንደፈራ)፡ ዓዲ-ቐይሕን ደቀምሓረን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ተሰሪዖም። ኣብ ክሊ ዕድመ 12-13 ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰንዓፈ፡ ዓዲ-ኳላን ደቀምሓረን ከምኡ ድማ ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ፡ ጸሮና፡ ዓዲ-ኳላን ዓዲ-ቐይሕ ቀዳሞት ሰለስተ ኮይኖም።

ኣብ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ካልኣይ ደረጃ፡ ካብ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ደቀምሓረ ኣብ ልዕሊ ዓዲ-ኳላ 2ብ1 ተዓዊታ። ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ 2ይ ደረጃ ሰገረ (ሰንዓፈ)ን ዓዲ-ቐይሕን ዘካየድኦ ግጥም ንምዱብ ግዝኦን 1ብ1 ድሕሪ ምፍጻመን ዓዲ-ቐይሕ 4 ብ 2 ብፍጹም ቅላዕ ተዓዊታ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ደቀምሓረ፡ ዓዲ-ኳላን ዓዲ-ቐይሕን ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ዓዲ ቐይሕ፡ ሰገረ (ሰንዓፈ)ን ደቀምሓረን ቀዳሞት ሰለስተ ኮይኖም።



ይግባይ ቸልሲ፡ ተነጺጉ

ዓቕሚ ኣዳም ዘይበጽሑ ተጻወትቲ ብዘይሕጋዊ መገዲ ኣብ ሕቑፋ ብምእታዋ ብፈፋ ዝተኸሰሰትን ንኽልተ ወቕቲ ምስግጋር ተጻወትቲ ድማ ዝተኣገደትን ቸልሲ፡ ናብ ፊፋ ዘቕረበቶ ይግባይ ተነጺጉ።

ለንደናዊት ክለብ ቸልሲ፡ ብሓፈሻ ኣብ መስርሕ ዕድጊ ናይ 29 ተጻወትቲ እያ ክሲ ቀሪቡላ ዘሎ። ዝጊት ኣስማት ናይቶም ዘፈረመቶም ተጻወትቲ ብወግዒ እኳ ኣይተሓበር፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ዝመጽእ ሳልስቲ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ስፖርት ከተቕርቦ ምውሳና ይንገር።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዝስዕብ ክልተ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ሓደስቲ ተጻወትቲ ከተፈርም ዘይትኽእል ቸልሲ፡ ንጉዳይ ኤደን ሃዛርድ ጠልጠል ከተብሎ ከምእትኽእል ይትንተን። ኣብ ክረምቲ ናብ ሪያል ማድሪድ ክሰጋገር ከምዝኽእል ዝግመት ሃዛርድ፡ ቸልሲ ክሳብ ሰነ 2020 ሓደስቲ ተጻወትቲ ከተፈርም ዘይትኽእል ብምዃና ምስኣ ክጸንሕ ከምእትውስን ነታ ክለብ ቅርበት ዘለዎም ሰባት ብምጥቃስ ደይሊ መይል ትሕብር። ይኹን እምበር፡ ኣስታት 40 ተጻወትቲ ብመልክዕ ልቓሕ ምስ ካልኦት ክለባት ኣኽቲታ እትርከብ ቸልሲ፡ ኣብ ምርጫ ተጻወትቲ ከምዘይትጽገም እቲ ምንጪ ይውስኽ።

ምልክታ

እምነት ኣማኑኤል - በይሉል ገብረሚካኤል

ዞባ ማእከል ኣሰመራ

ሰናይት ተሰፋይ ጸጋይ ምባል ተሪፋ ሩት ተሰፋይ ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመኣይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ፍረ ኤፍሬም ሃብተሰላሴ ምባል ተሪፋ፡ ፍረዝጊ ኤፍሬም ሃብተሰላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ. 32 ይቕረብ።

ናትናኤል ኣታሊለ ቢሰጡ ምባል ተሪፋ፡ ናትናኤል ኣታኽልቲ ቢሰጡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ

ኣቶ ናሆም ቀላሚጦስ ኣብርሃ፡ ወላዲና ቀላሚጦስ ኣብርሃ ገብሪሄት ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሚካኤል ኣለማዮ ኣሰፋው፡ ኣሞይ ወ/ሮ የምስራች ኣሰፋው ኣብርሃ ስለዝሞተት ኣነ ወዲ ሓዋ ብህይወት ከላ ብዝሃበቶ ለበዋ መሰረት ወራሲ ምኂነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኣማኑኤል ዘርኣይ ወልደዮውሃንስ፡ ኣደይ ወ/ሮ ክብራ ወልደስላሴ ሓጎስ ስለዝሞተት፣ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛባንዳ

ወ/ሮ ኣስቴር ተኽለ ገብረኣብ፡ በዓልቤተይ ተኽለ ወልደሚካኤል ክፍለሃንስ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ኣብ መንን ከሳሲ ኣቶ ጊላይ በርሀን ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ፍስሃየ ገብሩን ናይ ገንዘብ ክርክር ከምዘሎ ዝፍለጥ እዩ፡ እንተኾነ ከሳሲ ኣቶ ጊላይ በርሀ ንተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ፍስሃየ ገብሩ ብኣድራሽኡ ክረኽቦ ስለዘይከኣልኩ ይጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ተኸሳሲ ን5/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል እንተዘይተረኺቡ ንሱ ኣብዘይብሉ ጉዳዩ ተራእዩ ውሳነ ክወሃበሉ ምኂኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ሄዋን ፍትዊ ዑቕባሚካኤል፡ በዓልቤተይ ኣቶ ኪዳነማርያም ገብረትንሳኤ ሃይለ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 1 ጓሉ ድማ ወራሲት ምኂና ይረጋገጸላ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ስምረት ኣብርሃም፡ በዓልቤተይ ኣቶ ዘልኣለም ተሰፋልደት ገብረሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኂኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣሰመራ

ተኸሳሲ ኣቶ ምሉእብርሃን ኣንጎሶም ተኽለ ምስ ወ/ሮ ኣሰማይት ክብሮም ዘለዎም ናይ ሓዳር ጉዳይ ኣድራሽኡ ስለዘይተፈልጠ ንቤ/ፍ ክቕርብ ስለዘይከኣለ፡ ተኸሳሲ ን6/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ክርአ ምኂኑ ንሕብር።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ኣቶ ዘርእሰናይ ተሰፋይ ክፍለማርያም፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ግደይ እያሱ ፊካኽ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ግርማጼን ኪዳነ ተሰፋሚካኤል፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣይነኣለም ሓድጉ ወልደጋብር ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኣማኑኤል ጊላዝጊ ገብረእግዚኣብሄር፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣመተጼን ገብረገርግሽ ብርሃነ ስለዝሞተተ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣለም ኪዳነ መድሃኔ ተኸሳሲ ኣቶ ኣኽሊሉ እስቲፋኖስ ዑ/ሚካኤል ቶዮታ ኮሮላ ዝዓይነታ ናይ ገዛ መኪና ቁ.ሴለዳ ER 1-14801 ቁ. ቻሲ JTEOA9200042445 ናብ ስመይ ከየመሓላለፈለይ ካብ ሃገር ስለዝወጽአ ወይ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወኪል ን30/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ኣብዘየለወሉ ውሳነ ክወሃብ ምኂኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋሓሙስ

ወ/ሮ ህድኣት ተወልደብርሃን ካሕሳይ፡ በዓልቤተይ ተሰፋይ ኣስፍሃ ገብረመድህን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኂኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ቴድሮስ ገብረሚካኤል ደበሳይ፡ ኣቦይ ገብረሚካኣኤል ደበሳይ ዝገደፈሉ ለበዋ ይጽደቕለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጅረትን ቲራቮሎን

ወ/ሮ ኣድያም ኣሰፍሃ፡ በዓልቤተይ ኮሎ/ብርሃነ ዘርእማሪያም ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኂኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍ

ወ/ሮ ምሕረት ሃብተማርያም ተኽለማርያም፡ በዓልቤተይ ኣቶ ሚኪኤል ለማ ዘርኣ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኂኖም ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣመተ ኢሳቕ ደበሳይ፡ በዓልቤተይ ካፒቴን ወልደስላሴ ጽገ ወልደገብርኤል ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኂኖም ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገሬዳ ተሰፋይ፡ በዓልቤተይ ሓይልኣብ ሓድጉ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኂኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት መቀረት ሃብተሚካኤል ርእሶም፡ ኣደይ ሓጎሳ ገብረትንሳኤ ኣውዓሎም ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኂነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛፋ ወልደሚካኣኤል ሃብተማርያም፡ ኣደይ ፋና ተላ ዓንዱ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኂነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዮናስ ዮውሃንስ መንግስ፡ ኣቦና ዮውሃንስ መንግስ ገብረመስቀል ከምኡ'ውን ኣደና ኣልጋነሽ ሃብተሚካኣኤል በይን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃም እንተሎ፡ ን30/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ በርሀ ፍስሓ ብወኪላ ወ/ሮ ለተኣብ ይሕደጎ ኣቢላ ኣደይ ነብያት ይሕደጎ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኂነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰምሃር ገብረእግዝኣብሄር ኣሰገደ፡ በዓልቤተይ ሳሙኤል ገብረክርስቶስ ፍስሃጼን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኂኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሰገደት ዮውሃንስ በዛብህ ወላዲተይ ሂወት ትኳቦ ሃብቱ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ ሓወይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሕምብርቲ

ወ/ሮ ጸጋ ኣባይ ተሰፋሚኣካኤል፡ ኣቦይ ኣባይ ተሰፋሚካኤል ዘርእሃይማኖት ከምኡውን ኣደይ ሰንበቱ ግደ ተክለሃይማኖት ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ መንደፈራ

ኣቶ ሽሞንዲ ገብረሚካኤል፡ ኣቦይ ገብረሚካኤል ንጉሩ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰላም፡ መስከረም፡ ፍትሒ ተሰነይ

ወ/ሮ መብራት ዘሞ በኺት፡ በዓልቤተይ ወልደገብርኤል ደብረጼን ዘርኡ፡ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምኂንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣገዳሲ ምልክታ

ንባኤ ጉዳይ ሓጅን ዑምራን ኤርትራ፡ ንኣመንቲ ምስልምና ዝስዕብ የመልክት።

ብፍቓድ ኣላህ ምዝገባ ንደለይቲ ሓጅ(1440 ሂጅሪያ- 2019) ካብ 01 ረመዳን 1440 ሂ. ሰኑይ (06 ግንቦት 2019) ክጅምር ምኂኑ ንሕብር። ኣብ ጊዜ ምዝገባ ዝስዕቡ ሰነዳት ክቐርቡ ኣለዎም፦ 1.ኤርትራዊ መንነት 2. ነባርነት 3. ዝተሓደሰ ፓስፖርት። ምዝገባ ኣብ ኣስመራ ጎደና ኣፍዓበት ቁ.138 ኣብ ዝርከብ ቤ/ጽሕፈት ክካየድ'ዩ።

ልዑል ኣላህ ንሃገርና ጸጋኡን ሽሻዩን ይለግሰላ!!!
ንባኤ ጉዳይ ሓጅን ዑምራን ኤርትራ

ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ፡ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ሰራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 - 12:00 ቅድሚ ቀትሪ ምሽት ካብ 2:00 - 6:00 ድሕሪ ቀትሪ ብቁ/ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ/ሳ/ፖስጣ 5537፡ E-mail; bidhonational@gmail.com

ሰቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።

aggreko

VACANCY ANNOUNCEMENT

3. Position: Electrician
Required number: 01

Key Responsibilities

- Own the Lock out tag out and permit to work.
- Tool box talk, ensuring all tools and parts are available to complete task before task begin.
- Carry out all maintenance on electrical equipment on time and within time to reduce overall downtime as per work instruction.
- Carry out advanced fault finding, major repairs and overhauls on electrical equipment.
- Root cause analysis and trend analysis in electrical failures using data from a wide range of sources- paper and electronic for entire site.
- Complete and submit accurate Component Fail reports
- To mentor local Electrical technicians.
- Operate the Aggreko service mobility system (hand held).
- To operate and diagnose Aggreko control systems.
- To carry out switching on Low Voltage and High Voltage Aggreko equipment
- Assisting with the installation and demobilisation of Aggreko equipment.
- To follow and comply with Aggreko QHSE standards
- Adherence to 5S
- Safety of self and others
- Display commitment to operational excellence activities.
- Aggreko place a strong emphasis on health, operational safety and environmental protection. It is a requirement and moral obligation of each employee to be actively committed and accountable for compliance to the Aggreko Health, Safety & Environmental policies, operating procedures and compliance to local legislation

Person Specifications

- Diploma or Degree in Electrical Engineering
- Must successfully complete ALL assessments in compliance with Gen TechElectrical requirements.
- The ability to use specialist tools and ensuring all tooling is calibrated in accordance with Aggreko standards and local legislation.
- Must be capable of working in a restricted space and at heights up to2.5 metres
- Adaptable to work in multiple shift patterns

Minimum Desired Skills

- Fluent in written & spoken English.
- Good interpersonal and personnel development skills.
- Multi skilled technical ability an advantage
- High standard of computer literacy.
- Approved person High Voltage qualifications
- Knowledge of High Voltage switching Electrical Certification Authorization Matrix.
- Competent in High Voltage diagnosis, repair and servicing.
- Good knowledge of Deep sea and Gempac controllers
- Good reporting writing skills.

Aggreko places a strong emphasis on health, operational safety and environmental protection. It is a requirement and moral obligation of each employee to be actively committed and accountable for compliance to the Aggreko Health, Safety & Environmental policies, operating procedures and compliance to local legislation.

General Information and other requirements:
Place of Work: Bisha.
Salary: As per Company salary scale.

Additional requirement for Nationals:
Present clearance paper from current/last employer
Having fulfilled his/her National Service and require to present evidence of completion of her/his national service.
All credentials should be attached
Applications should be sent through Post office.
Deadline for application is 10 days from the day of publication in the Newspaper.

Please mail your applications to;
Aggreko.
P. O. Box 7986
Asmara, Eritrea

Invitation for Bids

Loan/Financing N°: **2100150032395, 200155028969**

IFB N°: **06.2/02/NCB/ADF/DRSLP II/HAC/YT/1/2019**

IFB N°: **06.2/02/NCB/ADF/DRSLP II/HAC/YT/2/2019**

1. This Invitation for Bids (IFB) follows the General Procurement Notice (GPN) for this Project that appeared in *United Nations Development Business online* (***UNDB online***) No.***AfDB510-07/15 dated* 30 July 2015**, and on the African Development Bank's Internet Website (www.afdb.org).

2. The Government of the State of Eritrea (GoSE) ***received*** a financing from the African Development Bank (**ADF)** in various currencies towards the cost of **Drought Resilience and Sustainable Livelihoods Programme-IV Eritrea Programme**. It is intended that part of the proceeds of this loan/financing will be applied to eligible payments under the contract for:
1. LABORATORY EQUIPMENT and 2. SMALL SINGLE HEAD SPIKE THRESHER

3. The Ministry of Agriculture (MoA) now invites sealed Bids from eligible Bidders for the supply of the above mentioned goods (hereinafter called "the Goods"). National Competitive Bidding will be conducted in accordance with the Bank's ***Rules and Procedures for Procurement of Goods and Works, May 2008 edition, revised July 2012***.

4. Interested eligible bidders may obtain further information from and inspect the bidding documents at the office of PSMU–MoA, Sawa Street, P.O. Box 1048 Tel. 002911189266/ 002911180699, email: selamawitteklit12@gmail.com.

5. A complete set of Bidding Documents may be received by interested bidders upon the submission of a written application to the said Executing Agency.

6. The provisions in the Instructions to Bidders and in the General Conditions of Contract are the provisions of the Bank's Standard Bidding Document for Procurement of Goods.

7. Bids must be delivered to the above office on or before **14:30 pm local time** on **11/06/2019** and must be accompanied by a security of **USD 1,700.00** for LABORATORY EQUIPMENT **and USD 400.00** for SMALL SINGLE HEAD SPIKE THRESHER respectively**.** Bids shall remain valid for **120 days** after the deadline for bid submission prescribed above.

8. Bids will be opened in the presence of bidders' representatives who choose to attend at ***15:00 pm hours local time*** on **11/06/2019**, at the offices of **Ministry of Agriculture of the State of Eritrea, Procurement and Supplies Management Unit, Sawa Street, P.O. Box 1048, Tel. 002911189266/ 002911180699, yacobtesfom@gmail.com.**

9. The Ministry of Agriculture reserves the right to accept or reject this bid fully or in part if it finds any option better than this IFB without needing to justify the grounds for it doing so and compensation which the bidder may incurred in preparing its bid.

Ministry of Agriculture

ምልክታ

ናይ ነፍ/ያሲን ሰዒድ ኢማም በዓልቲ ቤት ወ/ሮ ግምጃ ዓብዱራሕማን ኣሕመድ ምስ ደቀም 1. ሰዒድ ያሲን 2. ዮሱፍ ያሲን 3. ዓጣ ያሲን 4. ሱሌማን ያሲን 5. ዓብዱራሕማን ያሲን 6. ዓብደልዓዚዝ ያሲን 7. ዓዚዛ ያሲን ሕጋውያን ወረሰቲ ምኂንና ብቤት ፍርዲ ሸሪዓ ኣስመራ ብመ.ቁ702/98 ስለዘረጋገጸልና በዚ መሰረት ኣብ ኣኽርያ ጎደና 134-11 ቁጽሪ ገዛ 4 ብኮምሽን ምጽራይ 118912 መወከሲ ቁጽሪ 109168 ዋንኑቱ ዝተረጋገጸሉ ናብ ስምና ከነሰጋግር ስለዝደለና ነዚ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስትራር ክቐርብ ምልክታና ነቐርብ፡፡

በዓልቲቤቱ ወ/ሮ ግምጃ ዓ/ራሕማን
ምስ 7 ወረሰቲ

ታደሰ ተኽለ

ናሚብያ ብደርቂ ተጠቒዓ



መምህራት ናሚብያ ሰፊሕ ክፉላት'ታ ሃገር ብደርቂ ከምእተጠቕዐ ኣዋጅ።

ኣብታ ሃገር ሕጽረት ዝናብ ከምዝጋጠመን ብሰንኪ ህይወት ልዕሊ. ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ኣብ ሓደጋ ከምዝወደቓን መምህራት ኣብ ዘወጽኦ መገለጺ ሓቢሩ።

እታ ኣብ ደቡባዊ ክፊል ኣፍሪቃ ትርከብ ሃገር፡ ካብ 2013 ጀሚራ ብቐጻሊ ድርቂ ክትጥቃዕ ከምዘጋጠሓት'ዩ ዝገለጸ።

ብሰንኪ'ዚ ሎሚ ዓመት ኢጋጠሙ ዘሎ ደርቂ ቀጻልነት ህላወ ናይቶም ኣብታ ሃገር ብዋዕቂ ዝርከቡ እንስሳታት ዘጉዳም እውን ኣብ ዘጠራጥር ኩነት ከምዘሎተወ እቲ መገለጺ የመልክት። ደሮ'ውን ሓይሎ ብርቂ እንስሳታት ዘጉዳም ከምዘሞቱ'ዩ ዝገለጸ። ኣሲታት 60 ሽሕ እንስሳ ዘቤት እውን ብሰንኪ ስጉምት መዝበን ማይን ከምዘሞቱ እቲ ጽብጹብ የመልክት።

መምህራት ናሚብያ ዝ. ኣብ ሃገሩ ተኸሲቱ ዘሎ ሸዋር ንምቅላል ዝወፅል ናይ 40 ሚልዮን ዶላር ባጀት ከምዝህወን ኣብ ሰፊሕ ከበጋታት'ታ ሃገር ኣዋጅ ህጹጽ ደንጋገ ክትግበር ከምዝሓዘን ተፈሊጡ ኣሎ።

ከለን ትካላት'ታ ሃገር ንዋዳያት ደርቂ ንምሕጋዝን ልምዓታዊ መደቦት ናይታ ሃገር ንምሕያልን ክሰርሓ ጻወዲቱ የቕርቡ።

እታ ብምዕራፍ ሃብታም ዝኾነት ሃገር፡ ኣሲታት 70 ሚእታዊት ጠለብ መገ.ካብ ገረቢታ ደቡብ ኣፍሪቃ እያ እተማልኣ።

ተወሳኺ

ብዕጣንያዊ ማዛው ማልዮት ምስ ቦጥሳኒኡ ብሓባር ናብ ማሞዊ ክመጽእ እንከለ፡ ተልእኮኡ ኣብ ልዕሊ. ሓረምዝ ንዘቐዐድ ሃደን ንምግታእ እዩ ነይሩ። ወዲ 22 ዓመት ወተሃደር ማዛው፡ ምስ ኣባላት ሓለዋ ሕዙኡቲ ማሞዊ ኩይኑ ኣንጻር ሃደን ሓረምዝ ክሰርሕ ድሉት ነይሩዎ። ዝሓለፈ 5 ግዝያት ድማ ናብቲ ሓረምዝ ብዘጠሓሊ ዝርከብሉ ጣቢታት ማሞዊ ተጻዒዙ። ኣብ ጉዕዝኡ ግን ዘይሓሰባ'ዩ ረኸበ። ብዕመር ሳዕሪ ኣብ ዝዘሸፈነ ጣቢኡ ሓርማዝ ቀቲሉም ሰዒሓርማዝ ንምእኪብ ዝሓሰኑ ዕጡቓት ሃደንቲ ኣይዝሑሩኑ። ሓሪምዝ ተኣከቦም ደኣ ጸንሑዎም። እዩም ብቐጻሊ ሃደን ዝተጻዕኑ ሓሪምዝ ምስ ዕጡቓት ኃፍ ንኃፍ ብሞርሳዎም ስለዝሃንበዩ ናብ ኩሉ ኣንፈት ክጠይዩ ጀሚሮም። ኣብዚ ድማ'ዩ እቲ ብዕጣንያዊ ወተሃደር ብሓርማዝ ተረገጹ ዝሞተ። እቲ ወተሃደር ህይወት ሓሪምዝ ንምዕቃብ እኳ እንተወፈረ ህይወቱ ብሓሪምዝ ምጥፋእ ሚኒስትሪ ምክልኻል ብዕጣንያ ገለጸ።

ኣብ ማሞዊ ብሰንኪ ዘሎ ዘይሕጋዊ ሃደን ኣብ 80ታት ኣሲታት 4 ሽሕ ዝሰፈረ ቀጽሪ ሓሪምዝ ኣብዚ እዋንዚ ናብ 2 ሽሕ ከምዝንኣልቀለ ወዋዕውታን ጸብጻባት የጸሩ።

ኢራን ኑክሌሳዊ ስምምዕ ብኸፊል ትጥሕስ

ኢራን ኑቲ ኣብ 2015 ዝኸተመትሉ ኑክሌሳዊ ስምምዕ ብኸፊል ከምዝጠሓሰቶ ኣፍሊጣ።

ፕረዚደንት ኢራን ሓሰን ሮሓኒ፡ ሃዙ ኣብ መስርሕ ምፍራይ ኑክሌሳዊ ጸዓት ዝዘብዝሖ የራጋጽም ኣብ ሃገራ ከምእትኽበሮን ናብ ካልኦት ሃገራት ከምዚይትልእኮን ኣጸዲቑ። ድሕሪ ክልተ ወርሒ. ድማ መጠን ናይቲ እተጻርዮ የራጋጽም ከምእተዕብዮ ገለጹ።

ንኡ ዝ. ዝገልጽ ዘሎ ኣብ መንነ ኢራንን ኣመሪካን ዘሎ ወጥሪ እናሓደለ ኣብ ዝመጽኦሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኣቐዲማ ኢራን ምስ ሓመኽቶት ኣባላት ባይቶ ጸጥታን ጀርመንን ብዘካየተወቶ ውዕል መሳረት፡ ኑክሌሳዊ ንጥሪታታ ክትድርቶን ንመስርሕ. ኣጸዋር ክወዕል ዝኽእል ዝዘብዝሖ የራጋጽም እውን ኣብ ሃገራ ከይትኽበሮን ከምእተሰማመዓት ኣይርሳዕን። እቲ ውዕል ኣብ ልዕሊ. ኢራን ዝተተግበረ እንዳ ክለዓል ዝጠልብ ኩይኑ፡ ኣመሪካ ግን ዝሓለፈ ዓመት ካብቲ ዝኸተመትሉ ውዕል ከምዝሓለፈት ይፍለጥ። በዚ ድማ እቲ ውዕል ከይፈርስ'የ ተሰጊኡ ጸኒሑ። ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ. ኢራን ተወሳኺ. እንዳታት ትትግብር ብምህላዋ ድማ ኣብ መንነ ክልተኣን ሃገራት ዝያዳ ወጥሪ ከምእተኸሰተ ብዙሓት'ኺ. ይግለጽ።

ኣውሓስቲ ናይቲ ውዕል ዝሰራ ሃገራት፡ ኢራን ኑቲ ውዕል ከይተፍርሶ ኣብ ርእሲ. ምምሕጻጽ ኑቲ ውዕል ምስ እተኽብሮ ዘድሊ. ቁጠባዊ ሓገዝ ከምዝጠብራላ ቃል ይኣተዋ። ሩሲዮ፡ 'እቲ ውዕል ብሰንኪ. ዘይሓሓፍኒታዊ ስጉምቲ ኣመሪካ'የ ኣብ ሓደጋ ኣትዩ' ብምባል ክትወቅስ እኳሉ ቻይና ብወገኑ፡ ኢራን ኑቲ ውዕል ከተኽብሮ እንተኺይና ኣመሪካ'ውን ተመሳሳሊ. ድሉት ከተርኢ. ከምዝሰዋ ገለጹ።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ. ኢራን ብሰንኪ. ዝወሰኑዎ እንዳ ዋጋታት ባጠራ ኢራን ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ከምዝወደቓኑ ናይ ወጽኢ. ወፍሪ ከምዝኾልቁለን ይግለጽ። በዚ. ድማ ኣብ መንነ ኣመሪካን ኢራንን ዝሓደለ ወጥሪ ተኸሲቱ ምህላዉ'ዩ ዝገለጸ።

ኣብዚ. እዋን'ዚ. ኣመሪኻ፡ ነፈርቲ እትሰከም ዓቢይ መርከብ ውግእ ናብ ዞባ ወሽመጥ ብምጽጋን ኑቲ ዘሎ ውጠር ኩነታት ናብ ዝኸፍኣ ኣንፈት ደሪኻዩ ምህላዋ'ዩ ዝገለጽ። ናብ ዓራቕ ሃንደበታዊ ምብጻሕ ዝፈጸመ ጹሓፊ ጉዳያት ወጽኢ. ኣመሪካ ማይክ ፖምፒዮ ብወገኑ፡ ኣብ ዞባ ወሽመጥ ዝርከቡ ሓይልታት ኣመሪካ ካብ ሓይልታት ኢራን ሰባኢታት ይገዋሞም ከምዝሎን ሃዙ ኑቲ ሰባኢታት ንምእላይ ከም እትሰርሕ ምዃኑን ይፍለጥ።

ሰሜን ኮርያ ፈተነ ሚሳይል ተሰላስለ

ኣብ ምፍታሕ ኑክሌሳዊ ቅልውላው ዘዘኩረ ዝርርብ መራሕቲ ሰሜን ኮርያን ኣመሪኻን ድሕሪ ምፍሻሉ፡ ሰሜን ኮርያ ፈተነ ሚሳይል ከምዝፈጸመት ይግለጽ ኣሎ።

ካብ ንጥሪታት ፈተነ ኣጸዋር ኑስኡዋትኡት ገይራ ዝጀንሕት ሰሜን ኮርያ፡ ዝሓለፈ መዓልታት ሓይሎ ናይ ሓጺር ርሕቀት ሚሳይል ከምዝፈተነት ተፈሊጡ። እንተኾነ ኣብቲ ፈተነ ካብ ልኡላዊ መሬታ ሓሊፉ ዝዘንበለ ሚሳይል ከምዝኸበረ ምንጭታት'ቲ ገልጹ ሓቢሮም። ሰሜን ኮርያ ኣብ ወሽጠ. ዓመትን መንፈቕን ፈተነ ሚሳይል ክተካይድ ናይ መጀመርያ ምኳኑ'ዩ ዝገለጸ።

ሰሜን ኮርያ ዝተፈደሰ ፈተነ ሚሳይል ካብ ምስናን ዝተቐጠበ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኑክሌሳዊ ቅልውላው ሓወሲ. ደሴት ኮርያ ንምፍታሕ ምስ ፕረዚደንት ከም "ኣብ ስምምዕ ክኸውጽሕ ኢና" ብምባል እቲ ዝተጀመረ ዘተ ክቐጽል ተሰፊ ከምዝሎዎ ኣብ መርከብ ሓቢሬታ ትዊተር ገለጹ።

ኣብ ሕዳር 2017 ሰሜን ኮርያ ኣሽሓት ከሎሜተራት ክስዓብ ዝኽእል ባሊስቲካዊ ሚሳይል ከምዝፈተነት ጸብጻባት ዝሓዋኸሩ ነሩ። እቲ ባሊስቲካዊ ሚሳይል ኣብ ምብራቓዊ ጐምጐም ኣመሪካ ክወጽሕ ዝኽእል ምኳኑ እውን ክኢሊታት ደጠቕሰሉ።

ቅድሚ ሕደት ኣዋርሕ ኣብ መንነ መራሕቲ ሰሜን ኮርያን ኣመሪኻን ኣብ ሽትናም ዝተኻየደ ዝርርብ ብዘይ ፍሪ ድሕሪ ምብታኑ፡ መራሕ. ሰሜን ኮርያ ከም የንግ ኡን ምስ ፕረዚደንት ሩሲያ ተራኺቡ ከምዘዘተ ኣይርሳዕን። ጹሓፊ ጉዳያት ወጽኢ. ኣመሪካ ማይክ ፖምፒዮ ንኡስመዊ ዘተ ኣመሪኻን ሰሜን ኮርያን ደጋንቁፎ ከምዝሎ'ያ ፒዮንግያንግ ትኸሰሰ።

ዲ.ሪ.ኮንጎ - ብግጭት 12 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ኣብ መንጎ ተቐናቐንቲ ዕጡቓት ብዘተወለዐ ግጭት 12 ሰባት ከምዝተቐትሉ ቢቢሲ. ሓቢሩ።

እቲ ግጭት ኣብ ከባቢ 'ቡተምባ' ዝተካየደሉት ከተማ ከምዝተወለዐሉ ዝገበሩ ምዉታት ኣባላት ናይ ሓደ ዕጡቕ ወገን ከምዝኸሱኑን ሰብ መዚ'ታ ሃገር ገለጹ።

ኣብቲ ግጭት ዝተሳተፉ ሚሊሻ 'ማይ ማይ' ኣድብዮም ብምጽናሕ ኣብ ልዕሊ.'ቶም ዕጡቓት ተቓወምቲ ጉድኣት ከምዝወረዱ ምንጭታት'ቲ ከበቢ. ሓቢሮም።

ሰብ መዚ ጥዕና ዲ.ሪ.ኮንጎ፡ እቲ ግጭት ኣብቲ ብስበዳ ኢያላ ዝተካየደ ከበጋታት ከምዝተኸሰተን ብሰንኪ ኩሉ ንጥሪታት ሕክምና ደው ከምዝበለን ኣረዲኦም።

ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ዝሓለፈ ዓመት ብዘተኸሰተ ሓድሽ ለበዳ ኢያላ ብውሕዱ ልዕሊ. ሓደ ሽሕ ሰባት ህይወቶም ከምዝሰአኑ ጸብጻባት ጥዕና የመልክቱ።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ኣሸፋእ

ዕለት
9/5/2019

ጎደና
ጎደና ከልዓው ቁ 57፡ ኣኽርያ ከባ. እንዳ ዓሊ. ቦኸት

ቁ.ስልኪ.
07157709

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services